29
30

# ክፍሊ ሓደ
# መእተዊ

ሃገርና ኣብ ምክልኻል መሰረት ዝገበረ ፖሊሲ ጥዕና ብተግባር ንምትርጓም መሰረታዊ ግልጋሎት ጥዕና ንሕብረተሰብ ብፅሬትን ተበፃሕነትን ንምብፃሕ ጥሙር ጥዕና ኣብ ክልልና ተጀሚሩ ከም ሃገር ድማ ተቐባልነት ብምርካብ ከም ሓደ ፕሮግራም ተቐሪፁ ውፅኢታዊ ብዝኾነ ተግባራዊ ኮይኑ እዩ፡፡ ዓበይቲ ፀገማት ጥዕና ናይ ሃገርና ይኹን ክልልና ንምፍታሕን ውፅኢታውን ብቕዓት ዘለዎ ኣፈፃፅማ ስራሕቲ ጥሙር ጥዕና ንምትግባር ንፕሮግራም ጥሙር ጥዕና ብሰሩዕ ድጋፍ ብምሃብ ዓቕመን ከጉልብታን ዘኽእል ስሩዕ ድጋፋዊ ምትእስሳር መባእታዊ ክንክን ጥዕናን ኬላ ጥዕና ተግባራዊ ምግባር ተኻኢሉ እዩ፡፡ ሓንቲ ኣሃድ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ብማእኸላይ ን25,000 ሓንቲ ኬላ ጥዕና ድማ 5,000 ህዝቢ ግልጋሎት ጥዕና ንምሃብ ኣብ ብርክታት ስርዓት ጥዕና ሃገርና ተወዲቡ ተቐሚጡ እዩ፡፡ እዙይ ድማ ኣብ ትሕቲ ሕድሕድ ኣሃድ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና 5 ኬላ ጥዕና ከም ሓደ ኣካል ኣሃድ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ኮይነን ድጋፍ ብምርካብ ንማሕበረሰብ መሰረታዊ ዝኾኑ ግልጋሎት ጥዕና ንምብፃሕ ተሓሳቢ ብምግባር እዩ ተወዲቡ ፀኒሑ፡፡

በዚ ብርኪ ኣወዳድባን ከይዲ ምትእሰሳርን ዳርጋ ኣብ ኩሉ ኽባቢ ሓደ ዓይነት ዘይምኻኑን ዝተቆራረፀ ኮይኑ ፀኒሑ እዩ፡፡ ነዙይ ንምፍታሕ ድማ ዝተጠናኸረ ከይዲ ሓበራዊ ትልሚ ምድላው፣ ሓበራዊ ኣፈፃፅማን ገምጋምን ምክያድን ዘድሊ እታዎታት ንኬላ ጥዕና ብግቡእ ምምላእ ውፅኢታዊ ካብ ዝገርዎ ስራሕቲ እዮም፡፡ ብተወሳኺ ሰብ ሞያ ካብ ኣሃድ መሰረታዊ ክንክን ጥዕና ናብ ኬላ ጥዕና/ ጣቢያን እናወረዱ ድጋፍ ምሃብ ካብ ዝጀመሩ ድማ ፅቡቕ ለውጢ ምርካብ ተኻኢሉ እዩ፡፡

ኮይኑ ግና እቲ ዝወሃብ ድጋፍ ዝተማእኸለን ሓደ ዓይነትን ፀገማት ጥዕና ካብ ምፈላይ ብግቡእ ፍታሕ ንምቕማጥ ዘኽእል ካብ ምድላው ትልሚ ጀሚሩ ክሳብ ከይዲ ኣፈፃፅማ ብጥቡቕ ኣብ ምክትታልን ምግምጋምን ዘለው ኪያዶታት ኣብ ኩሉ ተመሳሰሊ ብዘይምኻኑ ዝተፈላለዩ ኣፈፃፅማ ኣወሃህባን ግልጋሎት ጥዕና ኣብ ኩሉ ይረኣይ፡፡ እዙይ ደማ ብዋናነት ዓቕሚ ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ብዘይ ምጉልባቱ ዝመፅእ ኣፈላላይ ምኻኑ ኣብ ዝተገበሩ

ዑደት ምዕዛብ ተኻኢሉ እዩ፡፡

ስለዝኾነ ድማ ኣሃድ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ብዝበለፀ ንምጥንኻር ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝርኣዩ ናይ ድጋፍን ክትትልን ክፍተት ንምድፋንን ከምኡ እውን ዝካየዱ ሓበራዊ ትልሚ፣ ክትትልን ገምጋም ከይዲ ኣፈፃፅማን ፈታሒ ፀገምን ውፅኢታውን ንምግባር ክሕግዝ እዚ ኢደ-መጋብር ተዳሊዩ ይርከብ፡፡

## ክፍሊ ክልተ
## ኣድላይነት እዚ ኢደ-መጋብር

[illegible]

[illegible]

[illegible]

## 2.1. ቐንዲ ዕላማ

ብቕዓት ኣፈፃፅማን ኣመራርሓ ስራሕን ክምኡ እውን ተለዓዓልነት ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ብምዕባይ ምዕሩይ ኣከባቢ ስራሕ ብምፍጣርን ዕሬት ዘለዎ ግልጋሎት ጥዕና ንሕብረተሰብ ንምብፃሕ እዩ፡፡

### 2.1.1. ዝርዝር ዕላማታት

☛ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ብኣግባቡ ስርሐን ክትልማ፣ ክትግብራ፣ ክግምግማን መረዳእታ ንውሳነ ናይ ምጥቃም ክእለት ከዕብያ

☛ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ብዝተቐመጠ መምርሕታት፣ ሽኻል/ስታንዳርድ/ መሰረት ክስርሓ እኹል ኣቕርቦት እታዎታት ክማለአለን ብምግባር ዕሬቱ ዝሓለወ ግልጋሎት ንምሃብ፣

☛ሓደሽቲ ንዝወፅኡ መምርሕታት፣ ማኑዋላትን መረዳእታታትን ንሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ብማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ድጋፍ ዝህቡ ሰራሕተኛታት ግንዛበ መጨበጢ ስራሕ በቢግዚኡ ንምሃብ፣

☛ካብ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ዝወሃብ ደገፍን ክትትልን ምዕሩይን ኣብ መረዳእታ ዝተመርኮሰ ንምግባር፣

☛ንዘጋጥሙ ፀገማት ሰናይ ምምሕዳር በቢብርኩ ፍታሕ ክረኽቡን ተለዓዓልነት ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ክውስኽ ንምግባር

# ክፍሊ ሰለስተ

## 3. ኣወሃህባ ድጋፍን ክትትልን

ኣብ ሴክተር ጥዕና ድጋፋዊ ክትትል ማለት በቢብርኩ ዘሎ ክርካራት ስርዓት ጥዕና ንምቅርራብን ሓበራዊ ናይ ምስራሕ ባህሊ ብምዕባይ ፀገማት ነቒስካ ብምውፃእ መፍትሒ ምቕማጥን ክምኡ እውን ብዘሎ ሽኻል/ስታንዳርድ/ መሰረት ብምስራሕን ብምጥንኻርን

ፅሬት ግልጋሎት ጥዕና ክጉልብት ዘኽእል ሓደ ወሳኒ ተግባር እዩ፡፡

ሰራሕተኛታት ሰብ ሞያ ጥዕና ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ንሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ዝገብርዎ ደገፍን ክትትልን ምስ ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ብሓባር ብምዃን ዝርዝር ኩነታት ብምትንታን ፀገማት ተነፂሎም ክወፅኡ ብምግባር ንመፍትሕኡ ብሓደ ምትላም የድሊ፡፡ ከይዲ ድጋፍ ኣወሃህባ ካብ ትልሚ ጀሚሩ ክሳብ መጠቓለሊ ምዕራፍ ቐፃልነት ብዘለዎ መልክዑ ዝስራሕ ይኸውን፡፡ በዚ መሰረት ድማ ብኣሃድ መባእታዊ ክንክን ጥዕና ንኬላ ጥዕና፣ ጣብያን ቑሸትን ዝገበር ደገፍ ካብዚ ንታሕቲ ብዝተቐመጡ 3ተ ዓይነት ከይዲ ኣፈፃፅማ ዝትግበር ይኸውን፡፡ ንሳቶም እውን፡-

ሀ. ስሩዕ ድጋፍን ክትትልን ምሃብ

ለ. ወርሓዊ ገምጋም ኣፈፃፅማ ስራሕቲ ምክያድ/Review Meeting/፣

ሐ. ኣፈፃፅማ ስራሕ መሰረት ዝገበረ ኣፍልጦን ምብርትታዕን ምሃብ

ኣብዚ ኢደ-መጋብር ስሩዕ ድጋፍን ክትትል ማለት ሞያተኛታት ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ኣብ ትግበራ ስራሕቲ ጥሙር ጥዕና ክስርሑ ዝግበኦም ቑልፊ ተግባራት ብምፍላይ ብኣካል ኣብ ኬላ ጥዕና/ጣብያን ቑሸትን/ ተረኺቦም ንሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ዝህበኦም ሞያዊ ድጋፍ ብምሃብን ብምብቃዕን/(mentoring)፣ ሃናፂ ዝኾነ ግብረ መልሲ ብምሕዳግ፣ ኣብ ዙርያ ፀገማት ብሓባር ንምፍታሕ ዘተኮረ ኮይኑ ኣብ ሞንጎ ድጋፍ ወሃባይን ተቐባላይን ዝህሉ ርክብ ክልተኣዊ ርክብ /two-way communication/ ምግባር ንሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ዓቕሚ ንክፈጥረለንን ዓይነተኛ ሜላ መራኸቢ እዩ፡፡ እዙይ እውን ፅሬት ግልጋሎት ጥዕና፣ ተበፃሕነትን ፍትሓውነትን ንምርግጋፅ ዓብይ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ፡፡

ንጥሙር ጥዕና ዝወሃብ ናይ ኣፍልጦ መበረታቲዒን ወርሓዊ ገምጋም ኣፈፃፅማ ስራሕ መሰረት ብምግባር እንትኸውን ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ኣፈፃፅመአን እናተመሓየሸ ንክመፅእ ዝለዓለ ተራ እንትህልዎ ከይዲ ዝርዝር ኣፈፃፅመኡ ዓርሱ ኪኢሉ በቢኸፍሉ ቐሪቦም ኣለው፡፡

ካብ ኣሃድ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ንኬላ ጥዕናን /ጣብያን -ቑሸትን/ ድጋፍ ክህቡ ዝተዋፈሩ ሞያተኛታት ውፅኢታዊ ድጋፍ ንክህቡ ሞያዊ ስነ ምግባራትን ሰናይ ክብሪ ባህርያትን ብምምዕባልን ብኻሊእ ገፅ ድማ ልምዲ ከይዲ ቑፅፅር ስራሕቲ ባህርያት ብምውጋድ ክላበስዎ ዝግባእ ባህርያት እዮም፡፡

ፅቡቕ ስነ ምግባር ምህላው ኣብ ሞንጎ ሰብ ሞያ ጥዕናን ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕናን ዝጠበቐ ርክብ ብምፍጣር ስሚዒትን ሓባራውነትን ዋንነትን መንፈስ ብምዕባይ ውፅኢታዊ

ዝኾነ ኣወሃህባ ድጋፍ ስርዓት ኣብ ምዝርጋሕ ዝለዓለ ተራ ኣለዎ፡፡ ብኣንፃሩ ድማ ኣብ ቁፅፅር ዝመስል ባህርይ ዘለዎ ከይዲ ድጋፍ ኣወሃህባ ኣብ ሞንጎ ድጋፍ ዝህብን ዝቕበልን ዘይምትእምማን ብምፍጣር ሞራል ዝነክእን መሰልቸውን ኣብ ርእሲ ምኻኑ ዝድለ ውፅኢት ኣይርከበሉን፡፡

## ሰደቓ 1 ፡-ንፅፅር ፅቡቕ /ፈታሒ ፀገም/ ኣወሃህባ ድጋፍ ምስ ኣብ ቑፅፅር ስራሕቲ ዝተላበሰ ባህርያት ዘርእይ

## 3.1. ዑደት ኣወሃህባ ድጋፍ

ሰብ ሞያ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ናብ ኬላ ጥዕና ንድጋፍ ኣብ ዝዋፈርሉ ግዜ ክኽተሉዎ ዝግባእ ከይዲ ዑደት ኣወሃህባ ድጋፍ ብዝርዝር ከምዚ ዝስዕብ ቐሪቡ ኣሎ፡-

### 3.1.1. ቅድመ ምድላው ንከይዲ ኣወሃህባ ድጋፍ

#### 3.1.1.1. ሰብ ሞያ ጥዕና ንድጋፍ ምድላው፣ ኦሬንቴሽን/ስልጠና ምሃብ

ብዛዕባ ስራሕቲ ጥሙር ጥዕናን ኣጠቓላሊ ኣብዚ ፕሮግራም ዝወሃቡ ግልጋሎት ኣበይን ብኸመይን ከም ዝትግበሩ ከምኡ እውን ሜላታት ኣወሃህባ ድጋፍ ንሰብ ሞያ ጥዕና እኹል ዝኾነ ግንዛበ ናይ ምዕባይን ክእለት ክህልዎም ዘኽእል ስልጠናን ኦሬንተሽንን ምሃብ የድሊ፡፡ እዙይ እውን ብመተሓባባራይነት ዳይረክተር ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ኣቢሉ ኦሬንቴሽን/ስልጠና ይትግበር፡፡ ኦረንቴሽን ንምሃብ ድማ እዞም ዝስዕቡ ተግባራት ምኽታል የድሊ፡-

- ♣በቢ ብርኩ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና በቢ ፕርግራሙ ስልጠና ዝወሰዱ ዝሐሸ ልምዲ ዘለዎም ሰብ ሞያ ብምፍላይ መሳለጥቲ ኣብዚ ኦረንቴሽን ምጥቃም፣
- ♣ኣብዚ ኢደ-መጋብር ብዝተቐመጡ ዑደት ኣወሃህባ ድጋፍ፣ ሜላታትን ኣሰታፋይ ዝኾነ ኣወሃህባ ድጋፍን ስልጠና ብምሃብ ክእለት ከይዲ ኣወሃህባ ድጋፍ ሰብ ሞያ ምምሕያሽ
- ♣እንተነኣሰ በቢዓመቱ ኣብ እውን ምድላው ምዕራፍ ንሓደሽትን ነባራትን ብምስታፍ ኦሬንተሽን ምሃብ

#### 3.1.1.2. ምድላው ናውቲ ደገፍን ክትትልን

ኣብ ድጋፍ ዝሳተፉ ሰብ ሞያ ጥዕና ብምስልጣን ብተወሳኺ ውፅኢታዊ ዝኾነ ድጋፍን ክትትልን ንክህልው ዘድሊዩ እታዎታት ምድላው ወሳኒ እዩ፡፡ እዚኦም ድማ፡-

- ☛ምዕሩይ ዝኾነ መሕትት/ቼክሊሰት ድጋፍን ክትትልን
- ☛ሓገዝቲ ማኑዋላት፣ መረዳእታታት፣ መፅሓፍቲ፣ ትራንስፖርትን ካልኦትን ጠቐምቲ እታዎታትን ክማልኡ ምግባር

#### ሀ. ምድላው መሕትት ድጋፍን ክትትልን

መሕትት/ቼክሊስት ድጋፍን ክትትል እንትብሃል ሰብ ሞያ ጥዕና ቅድሚያ ድጋፍ ዘድሊዮም ፈሊዮም ዝሕግዝዎ፣ ዝከታተልዎምን ዝምዝግብዎም ዋኒናት ብዝርዝር ዝሓዘ እዩ፡፡ ከም መበገሲ ክሕግዝ ዝኽእል ምስዚ ኢደ-መጋብር ልጋብ ክትሓሓዝ ተገይሩ ኣሎ፡፡ ኮይኑ ግን ሕድሕድ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ከከም ነናይ ባዕሎም ፀገማት ኣፈፃፅማ መሰረት ብምግባር ናይ ባዕሎም መሕትት ከዳልው ይኽእሉ እዮም፡፡ እቲ መሕትት/ቼክሊስት ቅድሚያ ክዋሃቦም ዝግባእ ዋኒናት ብምትኳር ክሕግዙን መረዳእታ ክምዝግቡን ይሕግዝ

እዩ፡፡ሰብ ሞያ ዝምዝግብዎ መረዳእታት ኣብ እውን ድጋፋዊ ዑደት እንታይ ዓይነት ናይ መስተኻኸሊ ድጋፍ ክውሰዱ ከም ዘለዎም እዙይ እውን በቢብርኩ ንምፍላይ ሸውንሸው (Quick win)፣ ቐፂሉን ወይ ድማ ብብርኪ ብማእኸላይ፣ ኢሉ እውን ብናይ ነዊሕ ግዜን ክፍትሖ ዝኸእሉ ክትትልን ድጋፍን ዘድሊዮም ተግባራት ንምፍላይ ክኸእሉ ይሕግዙ፡፡

## ለ. ምምላእ ሓገዝቲ ማኑዋላትን መፅሓፍትን

ንድጋፍን ክትትልን ናብ ኬላን/ጣብያን ዝዋፈሩ ሰብ ሞያ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ከም መወከሲ ዝጥቐምሎም መምርሕታት፣ ማኑዋላት ክማልኡሎምን እኹል ምድላዋት ክገብሩ ይግበኦም፡፡ ንድጋፍ ክሕግዙ ይኽእሉ እዮም ተባሂሎም ዝተነፀሩ መምርሕታትን ማኑዋላትን ከም ኣብነት ምስዚ ኢደ-መጋብር እዙይ ልጋብ 9 ተታሓሒዙ ይርከብ፡፡

ብተወሳኺ ወፂኢኻ ዝስራሕ ድጋፋዊ ዑደት ዘድሊዩ እታዎታት ከም ኣብነት ቐረብ ትራንስፖርት ከከም ከባቢኡ ህልዊ ኩነታት ኣቐዲምካ ምስላጥ የድሊ፡፡

## 3.1.1.3. ምትላም ንምክያድ ተኸታታሊ ድጋፋዊ ክትትል

ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ንጥዕና ኬላ ዝገብርዎ ድጋፍን ክትትልን ኣብ ዓመታውን በቢርብዒ ትልሞም ኣካቲቶም ክዳልውዎ ይግባእ፡፡ ትልሚ ደገፍን ክትትል ኣብ ዝዳለወሉ እዋን ዝተፈላለዩ ሓገዝቲ ዝኾኑ መረዳእታታት (ንኣብነት፡- ፀብፀብ ኣፈፃፅማ፣ ፀብፃብ ድጋፍን ክትትልን ወዘተ) ምትንታንን ብርኪ ኣፈፃፅማ ኬላ ጥዕና ብዝለዓለ፣ ማእኸላይ፣ ትሑት ተባሂሉ ብምምዳብ ከከም ጠለቦም ድማ ንምሕጋዝ ምትላም የድሊ፡፡ትሑት ኣፈፃፅማ ዘለዎም ኬላ ጥዕና ብተኸታታሊ ድጋፍ ንምሃብ ምትላም፡፡ እዘይ እንትትለም ድማ ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ክሳተፉ ይግባእ፡፡ ከይዲ ኣተላልማ ድጋፋዊ ዑደት ድማ እዞም ዝስዕቡ ትሕዝቶ ይህልዎ፡-

☛[illegible] ([illegible].)
☛[illegible]
☛[illegible]
☛[illegible]

### ሀ. ድጋፍ ዘድሊዮም ባእታት ጥዕና ብምፍላይ መዓዝን ብኸመይን ድጋፍ ክዋሃብ ከም ዝተሓሰበ ምቕማጥ

ቐዳምንት ትኹረት ዘድሊዮም ዋኒናት ብምፍላይ ኣብዞም ባእታታት እዚኦም ተኸታታሊ ድጋፍን ክትትል ብምሃብ ውፅኢታዊ ይገብር፡፡ ትኹረት ዘድሊዮም ዓውዲ ንምፍላይ እዞም ዝስዕቡ ከም መልዐሊ ምውሳድ ይከኣል፡፡

☛ትሑት ሽፋን ዘለዎም ፕሮግራማት/ባእታት ጥሙር ጥዕና/
☛ቕድም ክብል ብዝተውሃቡ ደገፍን ክትትልን ሙሉእ ድጋፍ ዘይረኸቡ
☛ቕድም ክብል ብዝተውሃቡ ደገፍን ክትትልን ዝተረኸቡ ዘይተማልኡ ፀብፃባት
☛ካልኦት ብጥሙር ጥዕና ይኹን ብማሕበረሰብ ዝለዓሉ ፀገማት ወዘተ.

### ለ. ደገፍን ክትትልን መዓዝ ክካየድ ከም ዝተሓሰበ ምቕማጥ

ድጋፍ ዝግበረሎም ዓውዲታት ምስ ተፈለዩ ናይ ድጋፍን ክትትልን ግዜ ሰደቓ ክዳለው ይግባእ። ስለዝኾነ እውን ፡-

☛ድጋፍ ዝግበረሉ ግዜ ሰደቓ ኩለን ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ክፈልጥኦ ይግባእ
☛ሰብ ሞያ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ናብ ድጋፋዊ ዑደት ኣብ ዝወፈርሉ ግዜ እኹል ግዜ ክምድቡ ይግባ፣ ኣብ ስራሕ ስልጠና/ሜንተርሺፕ ክሳብ ምሃብ ዘኽእል ግዜ ክምድቡ ይግባእ
☛በቲ ዝተመጠ ግዜ ሰደቓ ድጋፍ ምሃብ፤

## 3.1.2. ምክያድ ደገፍን ክትትልን

ሰብ ሞያ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ናብ ኬላን/ጣብያን ኣብ ዝዋፈርሉ ግዜ እዞም ዝስዕቡ ተግባራት ክትግበሩ ይግባእ፡-

ሀ) መረዳእታ ምእካብ
ለ) ምፍታሕ ፀገም /Problem-solving/
ሐ) ሃናፂ ግብረ መልሲ ምሃብ /constructive feedback/
መ) ኣብ ድጋፍ ዝተረኸቡ ብኣግባቡ ምምዝጋብ

## ሀ. ምእካብ መረዳእታ

- ☛ሰብ ሞያ ጥዕና መረዳእታ እንትእክቡ እዞም ዝስዕቡ መገድታት ምኽታል ይግበኦም፡-
- ☛ናይቲ ከባቢ ኬላ ብምምልካት
- ☛ኣፈፃፅማን ስራሕትን ዘጋጥሙ ፀገማትን ምስ ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ብምምይያጥ ምፍላይ
- ☛ፀብፃባት ኣፈፃፅማ ጉጅለ ልምዓትን ዝተቐመጡ ፅሑፋትን ብምፍታሽን
- ☛ቃለ- መሕትት /ቼክሊስት/ ብምጥቃም ምስ ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና፣ ምስ ጣብያ ኣመሓደርቲ፣ ምስ መራሕቲ ስድራን ምስ ኣመራርሓ ጉጅለ ልምዓትን ቃለ- መሕትት ብምጥቃም ምክያድ፡-
- ☛ቕድም ክብል ምስ ዝተኻየዱ ድጋፋዊ ዑደት ዝተቐመጡ መዝገባት ብምውድዳር ምርኣይ

## ለ. ማሕንቆታት ምፍታሕ /Problem-solving/

ሰራሕተኛታት ሰብ ሞያ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ድጋፍን ክትትልን ኣብ ዝህብሉ ወቕቲ ዘስተውዕልዎም ክፍተታት ምስ ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕናን ጉጅለ ልምዓት ብሓባር ብምኻን እቶም ፀገማት ክፍትሑ ምግባር፡፡ ፀገማት ንምፍታሕ ድማ እዞም ዝስዕቡ ብቐደም ሰዓብ ምትግባር ኣለዎም፡-

### ተግባር 1: እቲ ፀገም ዝፈጠሮ ተፅዕኖ ምግላፅ

- ☛ኣብ ፀገማት፣ መልዐሊ ፀገማት፣ ከይዲ ኣሰራርሓ ትኹረት ብምግባር ኣብ ውልቀ ሰባት ትኹረት ዘይምግባር
- ☛ናይ ሓፂር ነዊሕ ግዜን ማሕንቆታትን ተፅዕኖታቶምን እንታይ ምኻኖም ምብርህራህ
- ☛ካብቶም ዓበይቲ ወሰንትን ፀገማት ሓደ ወይ ድማ ዝተወሰኑ ማሕንቆታት ብምፍላይ ዝለዓለ ተፅዕኖ ዘለዎም ቅድሚያ ብምሃብ ፈሊኻ ምቕማጥ
- ☛ዝተፈለየ ማሕንቆ ግልፂ ብዝኾነ መልክዑ ምግላፅ ከምኡ ብመረዳእታ ምድጋፍ የድሊ

### ተግባር 2: ኣብ ፍልፍል ማሕንቆታት ምምይያጥ

☛ፍልፍል ማሕንቆታት ንምፍላይ ድማ ሓሙሽተ ግዜ "ንምንታይ" ዝብል ምሕታት የድሊ (እዙይ እውን ኣብ ስእላዊ መግለፂ 1 ብዝተቐመጠ መሰረት ምስራሕ)

☛"ንምንታይ" እናተብሃለ ኣብ ዝሕተተሉ እዋን ንሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ንምውቃስ ከም ኣጋጣሚ ክውሰድ ዘይኮነስ ፍልፍላት ናይቶም ማሕንቆታት መንፅራት ምስ ካልኣት ዋኒናት ምርኣይ ኣድላይ እዩ (ንኣብነት ምስ ማሕበረሰብ ኣካላት፣ ምስ መረዳእታ ክፍተት ወዘተ.ኮይኑ ግን ምንጣራት ከይህልው እውን ምርኣይ የድሊ)፤

☛ካብ ዝተፈለዩ ፍልፍላት ማሕንቆታት ብቐሊሉ ክፍታሕ ብዝኽእል ምጅማር የድሊ፤

ኣብ ላዕሊ ዘሎ ኣብነት ስእላዊ መግለጺ ንኻልኦት ባእታታት ጥሙር ጥዕና ኣብ ኣፈፃፅማ ዘጋጥሙ ማሕንቆታት ብምፍላይ ንምፍታሕ ከም መርኣይ ዝቐረበ እዩ፡፡ እዚ ሜላ እዙይ the five “WHY” method ዝበሃልን ሱር ናይ ሓደ ፀገም /root cause analysis/ ብምትንታን ንምፍላጥን ፍልፍሉ ንምድራቕን ዝሕግዝ ሳይንሳዊ መገዲ እዩ፡፡ ስለዝኾነ እቲ ፀገም ብዝተፈላለዩ ኣንፈት ብምርኣይ ትኽክለኛ ሕቶታት ብምሕታትን ሱር ናይቲ ፀገም ኣብ ምፍላይ ምትጋህ ናይ ሕድሕድ ካብ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ዝመፅኡ ድጋፍ ወሃብቲ ሞያተኛታትን ከምኡ እውን ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕናን ሓላፍነት እዩ፡፡ እዚ ሜላ እዙይ እንተደኣ ተኸቲልና ሕድሕዱ ፍልፍል ናይቲ ፀገም ጥዕና ንምድራቕ ዝሕግዙ ናይ ሓጺርን ነዊሕን ግዜ ሜላታት ንምትላምን ፀገማት ንምፍታሕን ዝሕግዙ ሓገዝቲ ኣካላትን ንምፍላይን ኣብ ዙርያና ንምዕሳልን ይሕግዘና እዩ፡፡

## ተግባር 3: ምቕማጥ መፍትሒ፣ ምትግባር ዝተቐመጠ መፍትሒን በቢግዚኡ ምልካዕን

☛ቕድሚያ ዝተውሃቦም ፀገማት ንምፍታሕ ዘኽእሉ ተግባራት ምፍላይ

☛መጀመርያ ሽዑንሽዑ ንምስራሕ ዝኽእሉ ተግባራት ምስራሕ

☛ዝስርሑ ተግባራት፣ ብኸመይ ንምስራሕ፣ ብመንን መዓዝን ንምትግባር ከም ዝተተለመ ብዘርእይ መልክዑ መርሃ-ግብሪ ምድላውን ምትግባርን፣

☛ዝተረኸቡ ለውጥታት ምክትታልን ምልካዕን

### ሐ. ምሃብ ሃናፂ ዝኾነ ግብረ መልሲ

ሰራሕተኛታት ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ንሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ኣብ ዝድግፍሉ እዋን ሃናፂ ዝኾነ ግብረ መልሲ ክህቡ ይግበኦም፡፡ ኣብ እዋን ድጋፋዊ ዑደት ስራሕቲ ምእካብ መረዳእታ ኣብ ዝተጠቓለሉ እዋን ምስ ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ብሓባር ብምኳን ክፍተት ኣለዎም ዝተብሃሉ ዝርዝር ባእታታት ጥሙር ጥዕና ብምፍላይ

ሃናፂ ዝኾነ ግብረ መልሲ ምሃብ የድሊ፡፡ ኣብ ኣፈፃፅማ ስራሕቲ ዝተረኽቡ ክፍተታት ግብረ መልሲ ኣብ ዝወሃበሉ ግዜ ካብ ጠንካራ ጎኒ ብምጅማር ዕውታት ስራሕቲ ብኣግባቡ ብምትንታን ከመይ ከም ዝተረኽቡ እንታይ እንታይ ሜላታት ከም ዝተጠቐሙ ብምምይያጥ ብሉፅ ተሞክሮ ምፍላይ የድሊ፡፡ ኣብ ስራሕቲ ኣፈፃፅማ ክፍተት

ዝተረኽበሎም ድማ መፍትሒ ብምቕማጥ ዝተለዓጠጠ ድኽመት ንምቕራፍ ምትኳር የድሊ፡፡

## መ. ኣብ ድጋፋዊ ክትትል ዝተረኽቡ ኣንፈትታት መፍትሒ ኣብ ኬላ ጥዕና መዝጊብካ ምቕማጥ

ኣብ ድጋፋዊ ዑደት ዝተወሃበ ሃናፃይ ግብረ መልሲ ዝቕመጠሉ መዝገብ ኣብ ኬላ ጥዕና ምቕማጥ የድሊ፡፡ ኣብዚ መዝገብ እዙይ ድማ ኣብ ሕድሕድ ድጋፋዊ ዑደት ተመዝጊቡ እንትቕመጥ ድጋፍ ዝተውሃበሉ ዕለት፣ ኣብ እዋን ድጋፋዊ ዑደት ዝተረኽቡ ክፍተታት ይኹን ብሉፅ ተሞክሮ፣ ክፍተት መሰረት ብምግባር ዝተውሃቡ ድጋፋት/ሜንተርሺፕ/ን ከምኡ እውን ኣብ ስምምዕነት ዝተበፅሑ ሓበራዊ ተግባራዊ ትልሚ /agreed action plans/ ኣብ መዝገብ ምምዝጋብ የድሊ፡፡ ቅጥዒ ናይዚ መዝገብ ኣብ ሰደቓ (2) ተቐሚጡ ብዘሎ መልክዕ ምድላው ይከኣል እዩ፡፡

## 3.2. ድሕሪ-ድጋፋዊ ክትትል ምዕባለኡ ምክትታል

ድጋፋዊ ክትትል ምግባር ጥራሕ እኹል ኣይኾውንን፣ ድጋፍ ኣብ ዝተውሃቦም ብቐፃልነት ንክስርሑ ኣብ ስምምዕነት ዝተበፅሐሎም ብዝተቐመጠሎም መርሃ ግብሪ ይኽዱ ምህላዎምን ድሕረ-ድጋፋዊ ክትትል ምዕባሊኡ ምክትታል ወሳኒ እዩ፡፡

### 3..2.1. ምድላውን ምግምጋምን ፀብፃባት ድጋፋዊ ዑደት

ድሕሪ መልሲ ሕድሕድ ድጋፋዊ ዑደት ኩሉ በዓል ሞያ ዝተማለአ ፀብፃብ ድጋፋዊ ዑደት ከቕርብ ይግባእ፡፡ እዚ ፀብፃባት ዝተረኽቡ ብሉፃት ተሞክሮ ናብ ካልኦት ንምግፋሕን፣ ዝተፈለየ ፀገም ድማ ዝተፈለየ መፍትሒ ክርከበሉን እንተዘይተኻኢሉ ናብ ዝለዓለ ብርኪ ተላኢኹ መፍትሒ ንክቕመጠሉን፣ ኣብ እዋን ድጋፋዊ ዑደት ዝተውሃቡ ድጋፋት ትኽክለኛነቶም ንምርግጋፅ ንምእራም ኢሉ እውን ንቐፃሊ ድጋፋዊ ዑደት ከም መልዕሊ ምጥቃም የድሊ፡፡ እዚ ፀብፃብ መምልኢ ቕጥዒ ድማ ኣብ ሰደቓ (3) ዘድሊ ነጥብታት ብምክታት ተዳሊዩ ንኣሃድ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ምቕራብ ወይ እውን ንሱፐርቫይዘር ክቐርብ ይግበኦ፡፡

ድሕሪ ድጋፍን ክትትል ዝተነፀሩ ብሉፃት ተሞክሮታትን ክፍተታትን ብምሓዝ ዳሪክተር መባእታዊ ክንክን ጥዕናን/ሱፐርቫዘርን ኣብቲ ጣብያ ዝተመደቡ ሰብ ሞያ ጥዕና ብሓባር ብምዃን ክመያየጡ ይግባእ፡፡ ብዋነናት ኣብዚ ምይይጥ ክማልኡዎ ዝግበኦም ነጥብታት ድማ እዞም ዝስዕቡ ትኹረት ምግባር የደሊ፡-

- እንታይ ዓይነት ፅቡቓት ስራሕቲ/ብሉፃት ተሞክሮታት ተሰሪሖም?
- እንታይ ዓይነት ድጋፍ ረኺቦም?
- እንታይ እንታይ ክፍተታት ነይሮም? ፍልፍል ናይቶም ክፍተታት?
- ክፍተታት ንምምላእ እንታይ እንታይ ስራሕቲ ተተሊሞም?
- ካብ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና እንታይ ትፅቢት ይግበር?
- ናብ ካልኦት ጣብያታት/ጉጅለ ልምዓት ክጋፍሑ ዝኽእሉ ብሉፃት ተሞክሮታት ምልላዮም?

ናይዙይ ምይይጥን ብመሕትት መሰረት ዝተረኸቡ መረዳእታታት ብምእካብ ንዝቕፅል ወርሓዊ ገምጋም ከም እታዎታት ምጥቃምን ዝተለለዩ ብሉፃት ተሞክሮታት ድማ ምግፋሕ የድሊ፡፡ ብተደጋጋሚ ድጋፋዊ ክትትል ተገይርሎም ኣብ ኣፈፃፅማ ምዕባለ ዘየርኣዩ ጣብያታት ተፈሊዮም ዝሓሹ ሞያኛታት ጥዕና ብምምዳብ ድጋፍ ክህቡ ብምግባር ውፅኢታዊ ዝኾነ ስራሕቲ ምስራሕ፡፡

## 3.2.2. ምክትታል ተግባራዊ ኣፈፃፅማ መርሃ ግብሪ

ሕድሕድ ሞያታኛታት ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ብዝቐረበሎም ተግባራዊ ኣፈፃፅማ መርሃ ግብሪ ብትኹረት ምክትታልን ምሕጋዝ የድሊ፡፡ ካብዚኦም እውን እዞም ዝስዕቡ ምክትታል ወሳኒ እዩ፡-

- ሰብ ሞያ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ኣብ ድጋፋዊ ዑደት ንምስራሕ ዝተስማምዕሎም ተግባራት ክሰርሑ ይግበኦም
- ምስ ዝምልከቶም ላዕለዎት ኣካላት ብሓባር ብምዃን ንኬላ ጥዕና ዘድሊዩ እታዎታት ፀገም ኣቕርቦት መድሓኒት ምፍታሕ
- ወርሓዊ ፀብፃባት ብምግምጋም ከምኡ እውን ምስ ጥሙር ጥዕና ሰራሕተኛታት ዝጠበቐ ርክብ ብምፍጣር ዝተውሃቦም ግብረ-መልሲ ይትግበሩ ምህላዎም ምክትታል፣

☛ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ዘጋጥመን ፀገማት ሰናይ ምምሕዳር ክፍትሑ ምግባር (ንኣብነት፡- ዝግበኣን ዕበየት ትምህርቲ ዘይምርካብ ዝብሉ ቕሬታ እንተሃሊዮም ብምፍላይ ክፈትሑ ምግባር)፤

☛ቕድሚ ሕዚ ዝተፈለዩ ፀገማት ጥዕና ምስትኽኻሎም ምርግጋፅ

## ክፍሊ ኣርባዕተ

## 4. ሰብ ሞያ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ድጋፍ ዝህብዎም ዓውድታት/ Areas of Support/

## 4.1. ንጥዕና ኬላታት/ጣብያታት/ ዝውሃብ ስሩዕ ሓገዝ

ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ተግባራት ሞያተኛታት ማእኸላት መባእታዊ ክንክን ጥዕና ትሕትኦም ንዘለዋ ኬላታት ጥዕና ስሩዕ ድጋፍ ዝግበረሎም ነገራት እዮም፡፡ ዳርጋ ኣብ መበዛሕትኡን ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ዘለው ሰብ ሞያ ኣብ ኣብ ትሕቲኦም ንዘለዋ ሰራሕተኛታት ጥዕና በቢሞየኦም ተከፋፊሎም እናሓገዙ እኳ እንትኮኑ ሞያኛታት መዋልዳን□ ፋርማሲ ሓበሬታ ጥዕና /HIT/ ዝመሳሰሉ ግን ንኩለን ጥዕና ኬላ ብፕሮግራም ዝወፀ ድጋፍ ኣብ ምሕጋዝ ዝነኣሰ እዩ:: ሰብ ሞያ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ደገፍን ክትትልን ኣብ ዝገብሩሉ ግዜ ብመሕትት/ብመከታተሊ ቕጥዒ /ቸክሊስት/ ዝሕገዝ እንትኮውን ድጋፍ ዝግበረሎም ቀንዲ ቀንዲ ተግባራት ምምሕዳራዊ ፕሮግራም ብዝብል ተከፊሉ ከምዚ ዝስዕብ ብዝርዝር ቀሪቡ ኣሎ፡፡

## 4.1.1 ኣብ ምምሕዳራዊ ነገራት ድጋፍ ምሃብ

### ሀ. ምድላው ትልሚ

ወረዳ መሰረት ዝገበረ ዓመታዊ ትልሚ እንትዳሎ ኣብ ትሕቲ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ዘለዋ ኬላ ጥዕና ብዘሳተፈ መልክዕ ካብ ወረዳ ብዝወሃብ ትልሚ ከም መበገሲ ብምሓዝ ናይ ጣብያታት ዘሎ ህልዊ ኩነታት በዝሒ ህዝቢ ፣ ጥኑሳት ኣዴታት ፣ ንምጣነ ስድራ ተጠቀምቲ ዝኮኑ ፣ ክትባት ተጠቀምቲ ዝኮና ኣዴታትን ህፃናትን ወ.ዘ.ተ ዘካተተ ናይ ጥዕና ትልሚ ምድላው ይግባእ፡፡

ትልሚ ምስ ተዳለወ ኩሎም/ለን ሰብ ሞያ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕናን ጥሙር ጥዕና ቤተሰብን ሰራሕተኛታት ዘሳተፈ ትልሚ ኦሬንቴሽን/ገለፃ/ ምሃብ፣ ናይ ሓባር ስምምዕነት ብምፍጣር ስምምዕነት ውዕሊ ብምፍርራም ተግባራውነቱ ምክትታልን ምግምጋምን የድሊ፡፡

ብኣጠቃላሊ ናይ ሞያተኛታት ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ኣብ እዋን ትልሚ ምድላው ንጥሙር ጥዕና ሰራሕተኛታት ኣብዞም ዝስዕቡ ተግባራት ድጋፍ ይገብሩ/ራ፡-

☛ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ፣ ናይ ጣብያ ኣመራርሓን ጉጅለ ልምዓት ደቂ ኣንስትዮ ብዘሳተፈ መልክዕ ዝተጠዓዓመ ናይ ጣብያ ዓመታዊ ትልሚ ፣ ናይ ሽዱሽተ ወርሒ ትልሚ ፣ ናይ ሰለስተ ወርሒ ትልሚ ንክዳሎ ይገብሩ/ራ፤

☛ናይ ጥዕና ፕሮግራማት ዕላማ/Target/ ዒላማታትን ዕውት ንምግባር ክትግበሩ ዝግበኦም ዕማማትን ሚላታት አፈፃፀመኦምን ሓቢርካ ምትላም፣ በዚ ስዒቡ ዘሎ ሳንዱቕ ብዝቐረበ አግባብ ምፍፃም የድሊ፤

## ለ. ምጥንካር ስርዓት ሐበሬታ ጥዕና

ማሕበረሰብ መሰረት ዝገበረ ስርዓት ሓበሬታ ጥዕና ምጥቃም ተበፃሕነትን ዕሬት ዘለዎ መረዳእታ ንክህሉን ንውሳነ ንምጥቃምን በቢብርኩ ዕሬት ዘለዎ ግልጋሎት ጥዕና ንምሃብ ዓብይ ተራ ይፃወት እዩ:: ብፕሮግራም ስራሕቲ ጥሙር ጥዕና ዝስርሑ ስራሕቲን ዝወሃቡ ግልጋሎት ብዝግባእ ምምዝጋቦም ምትሓዞምን ንዝምልከቶም ኣካላት ብኣግባቡን ብግዚኡን ምትሕልላፎምን ከምኡ 'ውን ንዘድሊ ግልጋሎት ንምጥንካርን ንምምሕያሽን ንክውዕሉ ሰብ ሞያ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ኣብዞም ዝስዕቡ ተግባራት ድጋፍ ይገብሩ፡-

**ምምዝጋብ መረዳእታ (Recording)**

☛ኩነታት ጥዕና ኣብ ጣብያ ዝርከብ ሕብረተሰብ ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ቤተሰብ ማህደር ብምምዝጋብን በቢግዚኡ እዋናውነቱ ብምሕዳስ ብተወሳኺ ምስ ናይ ካልኦት መዝገብ መረዳእታታት ዝተናበቡ ንክኾኑ ምድጋፍን ምክትታልን

☛ብጥዕና ኬላ ዝወሃቡ ግልጋሎትን ኣተሓሕዛን መረዳእታ ንምምሕያሽ ኣብ ሕድሕዱ ፓኬጅ ዝተማለአ መረዳእታ ብኣግባቡ ንክምዝገቡ ምድጋፍ፣

☛ብብርኪ ስድራ ንዝትግበሩ ፓኬጃት መረዳእታን ተግባራት ጉጅለ ልምዓት ደቂ ኣንስትዮን ብምእታው እናተቐበለት ብዝግባእ ምምዝጋባ ምድጋፍ፣

## መረዳእታ ምጥንኻር ፣ ምትንታን ንውሳነ ምጥቃምን

ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ መረዳእታ ኬላ ጥዕና ብምጥማር  ብምትንታን ኣብ ጥቕሚ ንኽውዕል ብምግባር ዓቕመን ንምዕበይ ሰብ ሞያ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ኣብዞም ዝስዕቡ ተግባራት ድጋፍ ክገብሩ ይግባእ፡-

☛ኣብ ግድግዳ ጥዕና ኬላ መሰረታዊ ዝኾኑ መረዳእታት (ትልሚ ፕሮግራም ኣፈፃፅማ  መከታተሊ ቻርት/ዓሶ ኣብዘሎዎ ከባቢ/፣ መከታተሊ ቻርት ክታበት  መከታተሊ ቻርት ማሕበረሰብ መሰረት ዝገበረ ክንክን ሕንጦታትን/Communitry based newborn care (CBNC) key indicators monitoring chart/፣ መረዳእታ ጣብያ  ካርታ ጣብያ  እዋናዊ ንክከውን ምድጋፍ፣

☛ናይ ኬላ ጥዕና ፕሮግራማት/ፓኬጃት/ ኣፈፃፅማ ምስ ጥሙር ጥዕና ሰራሕተኛታት ብምዃን ምትንታን፣ ምትርጓምን ትሑት ኣፈፃፅማ ኣብ ዘለዎም ባእታት ጥሙር ጥዕና ትኹረት ብምሃብ ገምጋም ኣፈፃፅማ ሱር ናይቲ ፀገም ብምፍላይ (root cause) መፍትሒ ሓሳባት ምቕማጥን ምክትታልን

☛በቢ15 መዓልቲ ወይ ከዓ በቢወርሒ ኣብ ዝግበር ኣኼባ መረዳእታ መሰረት ዝገበረ ንክኸውን መረዳእታታት ብምትንታን ትኹረት ዘድልዮም ነገራት ብሓባር እናፈለዩ ንፍፃመ ንምምሕያሽ ንክጥቀምሉ ምድጋፍ፣

## ምድላው ኣፈፃፅማ ስራሕ ንዝምልከቶ ኣካል ምትሕልላፍ

☛ናብ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ዝለኣኹ ፀብፃባት ተኣማንነቶም ፣ እዋናዊነትን ሙሉእነትን ብምፍታሽ ክፍተት ኣብ ዘለዎም ድጋፍ ምግባርን ግብረ መልሲ ምሃብን ፣

☛ሰሙናዊ፣ ወርሓዊ ፣ ናይ ሰለስተ ወርሒን ዓመታዊን ፀብፃባት ተዳልዩ ኣብ ግዚኡ ናብ ዝምልከቶም ኣካላት/ክፍሊ/ ምልኣኾም ምርግጋፅ፤ ☛ሰምናዊ ፀብፃባት ከምኡ ውን ሽዑ

**ንሽዑ ክፅብፅቡ ዝግበኦም ሕማማት/ Immediately reported diseases/ ናብ ዝምልከቶም ኣካላት/ክፍሊ/ምልኣኽ ምርግጋፅ፤**

## ሐ. ኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን ቀረብ እታወታት

ንጥሙር ጥዕና ስራሕቲ ንመፈፀሚ ዘድልዩ ዝተፈላለዩ እታወታት፣ መድሓኒታትን ናይ ሕክምና ኣቑሑትን ኣብ ግዚኡ ዘድሊ በዝሕን ዓይነትን ምቕራብ የድሊ:: ብኬላ ጥዕና ብርኪ ዝተማለአ ኣቕርቦት፣  ኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን ንኽህሉ ሰብ ሞያ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ኣብዞም ዝስዕቡ ደገፍን ክትትል ንክገብሩ ትፅቢት ይግበር፡-

☛ዓመታዊ ትልሚ ኣብ ዝዳለወሉ እዋን ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ኣብ ትሕቲኦም ንዘለዋ ኬላታት ጥዕና ኣብ ግምት ብምእታው ትልሚ ክትሓዝ ኣብ ግዚኡ ዕዲጊት ክፍፀም ምግባር፣

☛ንስራሕ ዘድልዩ እታወታት ኣብ ዘድልዩሉ ግዜ፣ ዓይነት መጠንን ንክህሉ ድጋፍ ምሃብን ዝተፈላለዩ ቅጥዕታት ኣጠቓቕማ ምርኣይ ከምኡ ውን ዘድልዩ እታወታት ንጥዕና ኬላ ምብፅሖን ብኣግባቡ ኣብ ጥቕሚ ምውዓሉን ምርግጋፅ፣

☛ናይ ቢን ካርድን HPMRR form (Health Post Monthly Reporting and Re supply) ኣጠቃቅማን ናይ እታወታት ድልየት ንሰራሕተ□ታት ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ድጋፍ ምግባር፣

☛ክፍተት እታወታት ኣብ ዝረኣየሎም ሕብረተሰብ ብምስታፍን ብምትሕብባርን ናይ ገንዘብ ፣ ናይ ኣቑሑትን ጉልበትን ድጋፍ ንክርከብ ሓገዝ ምግባር፣

☛ኣብ ትሕቲ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ዘለዋ ኬላታት ጥዕና ዘይተመጣጠነ እታወታት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ትርፊ ካብ ዘለዋ ኬላ ጥዕና ናብ ሕፅረት ዘለዋ ኬላ ጥዕና ብምውሳድ ግልጋሎት ንኸይቋረፅ ናይ መድሓኒት መጥቀሚ ግዜ እንተይሓለፈ ኣብ ጥቕሚ ንክውዕሉ ድጋፍ ምግባር፤

☛መዓልቶም ዝሓለፎም መድሓኒታት ብብርኪ ሃገር ብዝወፅአ ብናይ ሃገር መምርሒ መሰረት ንኽውገድ ምትሕብባር፤

## መ. ምጥንኻር ስርዓት ቕብብል ሕሙማት

ሰራሕተ□ታት ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ብብርኪ ጥዕና ኬላ ንሕሙማት ግልጋሎት ዝህቡ እንትኾኑ ተወሳኪ ምርመራ ዘድልዮም ሕሙማት ናብ ዝለዓለ ጥዕና ትካል ክለኣኹ ዝግበኦም ሕሙማት ምስ ዝተማለ□ መረዳእታ በቲ ዝተዘርገሐ ስርዓት መሰረት ክለኣኽ ይግባእ::

ናብ ዝለዓለ ጥዕና ትካል ዝተልኣኹ ሕሙማት ዝረኸብዎ ግልጋሎትን ዘድልዮም ክትትልን ብዘርኢ መልክዕ ናብ ኬላ ጥዕና ግብረ መልሲ ዝተለኣኽ ምዃኑ ምክትታል የድሊ::

እዚ ተግባራዊ ንምግባር ሞያተኛታት ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ኣብዞም ዝስዕቡ ድጋፍን ክትትልን ይገብሩ፡-

☛ሕሙማት /ተገልገልቲ/ ናብ ግልጋሎት መውሃቢ ጥዕና ትካል ኣብ ዝኸዱሉ ግዜ ሰራሕተ□ታት ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ከጋጥሞም ዝኽእል ምችውን ኣፀጋሚ ኩነታት ፈልየን ንክፈልጣ ደገፍ ምሃብ፣

**ንኣብነት፡-** ኣምቡላንስ ናብ ቁሽት ኣብ ትኣትወሉ ግዜ ምምችቻው፣ ኣምቡላንስ ናብ ዘይትኣትዎም ቦታታት ባህላዊ ኣምቡላንስን ዝሸከሙ ሰባት ድልዊ ምግባር ፣ ናይ ሪፈር ቅጥዒ መሊእኻ ምልኣኽ፣ ንሕሙም ሒዝዎ ዝከይድ ሰብ ምህላው ምርግጋፅ ወ.ዘ.ተ ዝመሳሰለ ነገራት ንክትግበሩ ምድጋፍ፡፡

☛ግብረ መልሲ ብእዋኑ ናብ ኬላ ጥዕና ምውሃቡ ምርግጋፅ፡፡

## 4.1.2. ኣፍፃፅማ ፕሮግራማት ድጋፍ ምሃብ

### 4.1.2.1. ምህናፅን ምጥንኳርን ጠንካራ ሰራዊት ጥዕና

ስራሕቲ ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ካብ ዝተጀመረሉ ግዜ ጀሚሩ ሞዴል ዝኾኑ መራሕቲ ስድራ ኣብ ምፍራይ ሓደ ሓደ ፕሮግራማት ቁልፊ ኮይኖም እናተሰርሑ ፀኒሖም እዮም:: ሞዴልነት ካብ ስደራ ናብ ጣብያ ፣ ካብ ጣብያ ናብ ወረዳ ናይ ምስፋሕ ስራሕቲ ምስራሕ፣ እዚ ዕውት ዝኾነሉ ብዝተዋደደ ልምዓት ሰራዊት ጥዕና እንትዕጀብ እዩ:: ኣብ ገጠር ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ማእኸል ዝገበረ ምህናፅን ምጥንካርን ሰራዊት ጥዕና እቲ ሓደ ናይ መባእታዊ ክንክን ጥዕና ኣውራ ስራሕ እዩ:: ስለዚ ሞያተኛታት ማእኸል መባእታዊ ክንክን ኣብዞም ዝስዕቡ ነገራት ድጋፍ ይገብሩ፥-

☛ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ጉጅለ ልምዓት ደቂ ኣንስትዮን ሓደ ንሓሚሽተ ልምዓታዊ መርበብ ምትሕግጋዝ መራሕትን ዘለዎን ክፍተታት እናፈለዩ ዓቅሚ መዕበዪ ስልጠና ንኽህባን ምክትታልን ኣብ እዋን ስልጠና ሞያዊ ሓገዝ ንኽገብራ ድጋፍ ምግባር፣

☛ጉጅለ ልምዓት ደቂ ኣንስትዮን ሓደ ንሓሚሽተ ኣወዳድባ ተግባራዊ ኣብ ዝግበረሉ እዋን ዘጋጥሙ ማሕንቆታት ብምፈላይን ብምፅናዕን ምስ ዝምልከቶም ኣመራርሓ ኣካላት ብምርድዳእ ንምፍታሕ ደገፍ ምግባር፣

☛ብብርኪ ጥዕና ኬላ ኣብ መንጎ ጉጅለ ልምዓት ደቂ ኣንስትዮ ዝግበር ምይይጥ ብምርካብ ኣብ ስራሕቲ ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ኣፈፃፅማ ዝረኣዩ ማሕንቆታት ብምፍላይ ምስ ጣብያ ኣማሓዳሪ ብሓባር ብምኳን ምፍታሕ፣

☛□ጉጅለ ልምዓት ደቂ ኣንስትዮን ኣመራርሓ ልምዓታዊ መርበብ ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ዝውሃብ ብርኪ ሓደን ክልተን ስልጠና/Level I and II WDA leaders training/ ሞያዊ ድጋፍ ምግባርን ምክትታልን፤

☛ንመራሕቲ ልምዓት ጉጅለን መርበብ ሓደ ንሓሙሽተን ከምኡ እውን ንኣባላት ብመምርሒ መሰረት ብርኪ እናተወሃቦምን ትሑት ኣፈፃፅማ ንዘለወን ትኹረት ተዋሂብዎ ክትትል ንክግበረለን ድጋፍ ምግባር፣

☛ጉጅለ ልምዓት ደቂ ኣንስትዮ ብጣብያ ብርኪ ፅቡቅ ውፂኢት ንዘመዝገባ ብምፍላይ ናተን ተሞክሮ ብምጥማር ተሞክሮ ልውውጥ ንክካየድ ድጋፍ ምሃብ፣

☛ብጣብያ ብርኪ ዝሓሸ ኣፈፃፅማ ንዘመዝገባ ጉጅለ ልምዓት ደቂ ኣንስትዮ ሓደ ንሓሙሽተ ምትእስሳርን ናይ ፍልጠት ምትእስሳር ንኽህሉ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምኳን ምትሕብባርን ደገፍ ምውሃብ፣

☛ጣብያታት ሞዴል ንክኽኾ ብዝተዘርገሐ ኣወዳድባ መሰረት ምድጋፍ ከምኡ ውን ሞዴል ምኳነን እንትረጋገፅ ኣፍልጦ ንክወሃብን ናይ ምትሕብባር ስራሕ ምስራሕ፣
☛ኮንፈረንስ ጡኑሳት ኣዴታት በቢወርሒ ጊዚኡ ሓሊዉ ይትግበር ምህላዉ ምክትታል፣ ኮንፈረንስ ኣብ ዝተካኻደሉ እዋን ቃለ ጉባኤ ይትሓዙ ምህላዎም ምርግጋፅ፤

ስለዝኾነ ደቂ ኣንስትዮ ማእኸል ዝገበረ ጉጅለ ልምዓት ደቂ ኣንስትዮ ጥዕና ብምጥንኻር ሞዴል ዝኾኑ መራሕቲ ስድራ ብምፍጣር ናብ ሞዴል ዝኾና ጣብያታት ንክሸጋገር ፃዕሪ ምግባር::

## 4.1.2.2. ግልጋሎት ጥዕና ሕብረተሰብ

ግልጋሎት ሕብረተሰብ ጥዕና ኣዴታትን ሕንጦታት ጥዕና ፣ ህፃናት ጥዕና፣ ቤተሰብ ምጣነ ስድራን ናይ መናእሰይ ጥዕናን፣ ክታበትን ስነ መዓዛን ዘጣቓለሉ እንትኾኑ ጥሙር ጥዕና ሰራሕተኛታት ምስ ሞያተኛታት ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ጉጅለ ልምዓት ደቂ ኣንስትዮን ብምኳን ብዋናነት ነዞም ፓኬጃት ተግባራዊ ንምግባር ይሰርሑ::
ሞያተኛታት ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ዋና ትኩረቶም ኣብ ፓኬጅ ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ቤተሰብን ጉጅለ ልምዓት/ሓደ ንሓሙሽተ/ መርበብን ዓቕሚ ንክዕብያ ሞያዊ ድጋፍ ምሃብ፣ ኣቕርቦት እታወታት ፣ ስርዓት ኣሰራርሓ ወ.ዘ.ተ. ምህናፅን ክትትል ምግባር እዩ::
ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ዋናዋና ተግባራት ሞያተኛታት ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ንሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ቤተሰብን ንጉጅለ ልምዓት ንሓደ ንሓሙሽተ ኣመራርሓ

ልምዓታዊ መርበብ ድጋፍ ምግባር እዩ።

## ሀ. ጥኑሳት ኣዴታት ፈሊካ ምምዝጋብ

ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ጥኑሳት ኣዴታትን ፈሊየን ንክምዝግባ ሰብ ሞያ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ኣብዞም ዝስዕቡ ሞያዊ ዝኾነ ድጋፍ ክገብራ ይግባእ፡-

•ኣመራርሓ ልምዓት ጉጅለ ደቂ ኣንስቶ በቢልምዓታዊ መርበብበን ዘለዋ ጥኑሳት ኣዴታት በቢእዋኑ ብምፍላይ ኣድላይ ዝኾነ ምኽሪ ብምሃብ ንሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ምፍላጥ ንክኽእላ መምርሒ ሓለዋ ጥዕና ስድራቤት ማንዋልን ካርታ ኣመራርሓ ጉጅለ ልምዓት ደቂ ኣንስትዮ መረዳእታት ንኽጥቀማ ዓቕሚ መዕበይ ስልጠና ክረኽባ ይግባእ።

•ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ቤተሰብን ምስ ጉጅለ ልምዓት ደቂ ኣንስትዮ ብሓባር ብምዃን ከከም ከባቢኡ ብትልመን መሰረት ከምኡ እውን ናይቲ ኸባቢ ባህሊ ጥኑሳት ኣዴታት ንምፍላይ ዝጥቀማሉ ሜላ ፈሊየን ንክፈልጣ ድጋፍ ምግባር፣

•ጥኑሳት ኣዴታት ብትልመን መሰረት ኣብ ዝጠንሳሉን ድሕሪ ጥንሲ ድማ ዝወልዳሉ ግዜ ኣብ ምግማትን ምምዝጋብን ድጋፍ ምግባር፣

## ለ. ኮንፈረንስ ጥኑሳት ኣዴታት ድጋፍ ምግባር

ኮንፈረንስ ጥኑሳት ኣዴታት ብዝሰልጠነ በዓል ሞያ ዝወሃብ ስልጠና ናይ ወሊድ ግልጋሎት ሽፋን ንክውስኽ ዓብዪ ኣስተዋፅኦ ዘለዎ ሜላ እዩ። ብምዃኑ ሞያተኛታት ማእኸል መባእታዊ ክንክን ምስ ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ብሓባር ብምዃን ኮንፈረንስ ምድላውን ምምራሕን፣ ጥኑሳት ኣዴታት ብዝግባእ መልእኽቲ ንክረኽባ ተሞክሮኦን ንክለዋወጣ ዋና ትልመን ብምግባር ሓቢረን ክሰርሓ ይግባእ። ጥኑሳት ኣዴታት ንኮንፈረንስ ተባሂሉ ብዝተዳለወ መምርሒ መሰረት ዝትግበር ኮይኑ ኣብ እዋን ኮንፈረንስ ኣብ ዝካየደሉ እዋን ጥኑሳት ኣዴታት ጥራሕ ዘይኮና ክሳተፋ ዝግባእ ከም ኣድላይነቱ ዝተፈላለዩ ክፋል ሕብረተሰብ ንኣብነት ፣ ባዓል ገዛኣን፣ ሓማውቲ፣ ሃይማኖት መራሕቲ ፣ ልምዲ መዋልዳን፣ ቅድሚ ክብል ኣብ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ዝወለዳ ኣዴታት ፣ ጉጅለ ልምዓት ኣመራርሓ ልምዓታዊ መርበብ ደቂ ኣንስትዮን ወ.ዘ.ተ ንክሳተፉ ምግባር የድሊ።

ብምኳኑ ኬላ ጥዕና ዝድግፉ ጥዕና በዓል ሞያታት ኮንፈረንስ ጥኑሳት ኣዴታት ንምጥንኻር ኣብ ዝከድሉ እዋን ዝስርሑ ቀንዲ ተግባራት፡-

☛በቢ.ወርሒ ኣብ ዝካየድ ኮንፈረንስ ጥኑሳት ኣዴታት በቢ.ጣብይኡ ብምርካብ ንሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ድጋፍ ንምሃብ ብዝተመደቡ መዋልዳን ወይ ከዓ ካልኦት ሞያተኛታት ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ተረኪቦም ድጋፍ ንክህቡ ምግባር፣

☛ኣብ እዋን ምይይጥ ጥኑሳት ኣዴታት ካልኦት ዕድመ ዝተገበረሎም ተቐባልነት ዘለዎም ክፋል ሕብረተሰብ ዘልዕልዎም ሕቶታትን ሪኢቶታትን ብኣግባቡ ብምምላስን ብምእማንን ዘድሊ ኣመለኻኽታ ንክረኽቡ ሞያዊ ድጋፍ ምሃብ፣

☛ብጥዕና ትካል ዝወሃብ ግልጋሎት ወሊድ ብዝምልከት ካብ ማሕበረሰብ መብዛሕቲኡ ግዜ ዝለዓሉ ቅሬታታት ወይ ትዕዝብቲ /perceptions/ ብምፍላይ ብብረርኪ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ምይይጥ ብምግባር መፍትሒ ክኾኑ ዝኽእሉ ሓሳባት ኣቐዲምካ ምቕማጥ፣

☛ኮንፈረንስ ኣብ ዝካየደሉ እዋን ዝተሳሓሓቱ ግንዛቤታት ዝተፈላለዩ ሜላታት ብምጥቃም መፍትሒ ምቕማጥ፣ ንኣብነት ጥኑሳት ኣዴታት ናብ ጥዕና ትካል ከይደን ንክዕዘባ ምግባር ፣ ኣብ ጥዕና ትካል ንዝወለዳ ኣዴታት □□□□□□□ ንክሕልፉ ምግባር፣

☛ኣብ ኮንፈረንስ መዓልቲ ምይይጥ ኣብ ዝግበረሉ መመያየጢ ነጥቢ ብዝግባእ ብምድላውን ሓጋዚ ዝኾኑ መምሪሕታትን መፅሓፍቲን ምጥቃም ንኣብነት (መምርሒ ጥዕና ስድራ፣ መምርሒ ኮንፈረንስ ጥኑሳት ኣዴታት፣ ክፍሊ መፅንሒ ጥኑሳት ኣዴታት ብዝምልከት ዝተዳለወ ሰነዳ) ዝመሳሰሉ፣

☛ኣብ እዋን ኮንፈረንስ ምስ ወሊድ ዝተተሓሐዘ ካብ ተሳተፍቲ ዝለዓሉ ሓሳባት ግቡእ ምላሽ ንምሃብ ካብ ዓቅሚ ንላዕሊ ንዝኾኑ ሓሳባት ብምፍላይ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምዝርራብ ንፀገም መፍቲሒ ሓሳባት ብምቕማጥ ምሕጋዝ፣

☛ንኮንፈረንስ መካየዲ ዘድሊ መረዳእታታትን እታወታትን ንክህሉ ኣድላይ ዝባሃል ሓገዝ ምግባር፣ እዚ ዓይነት ኮንፈረንስ ንጥኑሳት ኣዴታት ጥራሕ ዘይኮነስ ምስ ወለዱ ብቐፃልነት ሰለ ክንክን ሕንጦታት ፣ ኣብ እዋን ጥንሲ ዝረኣዩ ሓደገኛ ምልክታት፣ ሰለ ጥቕሚ ግልጋሎት ድሕረ ወሊድ ፣ምጥዋው ጡብ ፣ ብተወሳኺ ኣብ ኣዳላልዋ ምግቢን ኣመጋግባን ብምድሃብ ጥዕና ኣዴታትን ህፃናትን ከምኡ እውን ክትትል ዕቤት ህፃናት ንክመሓየሽ ምስራሕ።

## ሐ. ኣወሃህባ ሞያዊ ድጋፍ ኣብ ቅድመ ወሊድ ግልጋሎት

ግልጋሎት ቅድመ ወሊድ ኣብ ኬላ ጥዕና ንምሃብ ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ምስ ጥኑሳት ኣዴታት ቆፀሮ ኣብ ዝህልወን ግዜ ሞያተኛታት ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና መዋልዳን ነርስ ፣ መኮነን ጥዕና ወይ ከዓ ካልኦት ነርስታት ናብ ኬላ ጥዕና ብምኻድ ኣወሃህባ ቅድመ

ወሊድ ግልጋሎት ሞያዊ ድጋፍ ክህቡ ይግባእ:: ብምኳኑ ሞያተኛታት ማእኸል መባእታዊ ክንክን ኣብዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ቀንዲ ተግባራት ድጋፍ ክህቡ ይግባእ፡-

*ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ኣብ ኣወሃህባ ግልጋሎት ቅድመ ወሊድ ዘለወን ክፍተት ምፍላይ፤

*ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ግልጋሎት ቅድመ ወሊድ ክትትል ኣብ ዝህባሉ ግዜ ብኣካል ብምርካብ መከታተሊ ቕጥዒ /ቸክሊስት/ ብምሓዝ ምርኣይ፣ ምክትታልን ምድጋፍን ፤

*ንቕድመ ወሊድ ክትትል ዘድልዩ እታወታት በዝሕን መጠንን ምህላዎም ምርግጋፅን ክፍተት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ንክማልኡ ምግባር፤

*ግልጋሎት ቅድመ ወሊድ ክትትል ብኬላ ጥዕና ንዘይወሃቡ ናብ ቀፃሊ ትካል ጥዕና ንክላኣኹ ከምኡ ውን ጥኑሳት ኣዴታት ብዝተኸኣለ መጠን ናይ መጀመርያ ክትትል ኣብ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ንክገብራ ግንዛበ ምፍጣርን ኣፈፃፅሙኡ ምክትታል፤

## መ. ምዕባይ ዓቕሚ ንሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ኣብ ግልጋሎት ወሊድ

ግልጋሎት ወሊድ ብዝሰልጠነ በዓል ሞያ ኣብ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ዝወሃብ እዩ፡፡ እዙይ ንምስኻዕ ድማ ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ኣዴታት ብመሰረት ትልመንን ቕድሚ ወሊድ ምድላዋት ክገብራን እዋን ሕርሲ ኣቐዲሙ ብዝተገመተ መሰረት ናብ ማእኸል ዘመናዊ ኣምቡላንስ ዘብፅሑ ዝተወደቡ መናእሰይ እቲ ዝተገመተ ዕለት እዋን ጥንሲ ፈሊጦም ባህላዊ ኣምላንስ ኣብ ቐረባ ብምድላው ዓርሶም ከዳልውን ሕርሲ ዝጀመረን ኣዴታት ሓበሬታ ካብ ሓደ ንሓሙሽተ ኣመራርሓ ጉጅለ ልምዓት ደቂ ኣንስትዮን ምስረኽባ ናብ ዘመናዊ ኣምቡላንስ ብዝተወደቡ መናእሰይ ክትበፅሕን ብቕልጡፍ ድማ ንማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ብምፍላጥ ኣምቡላን ብቕልጡፍ ንክትበፅሕ ምግባር የድሊ:: ከም ኣድላይነቱ ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ኣብ መንገዲ ድጋፍ ንምሃብ ሕርሲ ቅድሚ ምጅማረን ምስ ኣዴታት ሓቢረን እንተኸዳ ኣብ መንገዲ ወሊድ እንተጋጥም እንታይ ዓይነት ሓገዝ ከም ዝገብራ ክእለት ምፍጣር የድሊ፡፡ ምስ ርሕቐትን ኣቀማምጣ መሬት ተታሓሒዙ ንጉዕዞ /ትራንስፖርት/ ዘይጥዕም ቦታታትን ኣብ እዋን ሕርሲ ሞያተኛታት ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ንጥኑሳት ኣዴታት ብቐረባ ክትትል ዘድልየን እንተኾይኑ ኣብ መፅንሒ ክፍሊ ንክፀንሓ ፈልየን ንክልእኻ ምምሃርን ምብርትታዕን የድሊ:: ኣምቡላንስ ኣብ ትዝንገዐሉ ግዜ

ወይ ከዓ ብዝኮነ ይኹን ምኽንያት ሕርሲ ዝሓዛ ኣዶ ኣብ ገዛ ወይ እውን ጥዕና ኬላ ንክትወልድ ዘገድድ ኩነታት እንተተፈጢሩ ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ግልጋሎት ምውላድ ንምሃብ ድልዊ ንምኳን ዓቕመን ምዕባይ የድሊ:: ኮይኑ ግና ኣብ ገዛ ወይ እውን ኣብ ኬላ ምውላድ እንተጋጥም ኣዕርዩ ክኹነን ዝግበኦ እዩ፡፡ እዙይ ድማ ኣብ ገምጋም ኣመራርሓ ልምዓታዊ መርበብ ምትሕግጋዝ ጉጅለ ልምዓት ደቂ

ኣንስትዮ ትኹረት ተዋሂቡዎ ክረአን ስርርዕን ሽግሽግን ክቕመጠሉ ይግባእ፡፡ ብተወሳኺ በቢብርኩ ካብ ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ጀሚሩ ክሳብ ድጋፍ ዝህቡ ሞያተኛታት ብዝግባእ ተገምጊሙ ስርርዕን ሽግሽግን ብምክያድ ቐንዲ ምኽንያት ምውላድ ኣብ ገዛ ወይ እውን ጥዕና ኬላ ተፈሊጡ ንቐፃሊ ዘየላጢ መፍትሒ ክቕመጠሉ ይግባእ፡፡

## ሠ. ምጥንኻር ግልጋሎት ድሕረ ወሊድ

ኩለን ኣብ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ግልጋሎት ወሊድ ዝረኸባ ኣዴታት ኣብ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ን24 ሰዓት ብምፅናሕ ናይ መጀመርያ ግልጋሎት ድሕሪ ወሊድ ናብ ገዘአን ቅድሚ ምምላሰን ክረክባ ይግባእ:: ነገረ ግን ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ካብ ጥዕና ትካል ወፃኢ ንዝወለዳ ኣዴታት ኣብ 24 ሰዓት ዉሽጢ ናብ ገዛ ብምኻድ ናይ ግልጋሎት ድሕረ ወሊድ ምሃብ የድሊ:: ካብዚ ንደሓር ኩላን ኣዴታት ኣብ ሳልሳይን ሻብዓይን መዓልቲ ኣብ ጥዕና ትካል ተመሊሰን ብምምፃእ ግልጋሎት ደሕረ ወሊድ ክረኽባ ይግባእ፡፡ ኮይኑ ግና ብዝተፈላለዩ ወሰንቲ ምኽንያታት /ትራንስፖርት/ ናብ ጥዕና ትካል ንምምፃእ ዘፅግም እንተኾይኑ ብሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ቤተሰብን ብሞያተኛታት ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕናን ኣብ ገዛ ግልጋሎት ድሕረ ወሊድ ንክወሃብ ምክትታልን ምድጋፍን የድሊ::

ብዚ መሰረት ኩለን ኣዴታት ግልጋሎት ድሕረ ወሊድ ንክረኽባ ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና፣ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕናን፣ ኣመራርሓ ጉጅለ ልምዓት ደቂ ኣንስትዮን ብኣግባቡ ምትሕብባር የድሊ::

ስለዝኮነ ሞያተኛታት ማእኸል መባእታዊ ክንክን ብጥዕና ኬላ ዝወሃብ ግልጋሎት ድሕረ ወሊድ ንምጥንኻር ኣብዞም ዝስዕቡ ነገራት ድጋፍ ይገብር፡-

- ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ኣብ ኣወሃህባ ክትትል ግልጋሎት ድሕረ ወሊድ ዘለወን ኣረኣእያ፣ ፍልጠትን ክእለትን ምፍላይ፤ /ብፍላይ ኣዴታት ተመሊሰን ኣብ ጥዕና ትካል ድሕረ-ወሊድ ግልጋሎት ክረኽባ ባህሊ ኣብ ምግባር/

- ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ግልጋሎት ድሕረ ወሊድ ኣብ ዝወሃበሉ ግዜ ኣብ ጥዕና ትካል ብኣካል ብምርካብ መከታተሊ ቕጥዒ/ቸክሊስት/ ብምሓዝ ምክትታልን ብተግባር ምርኣይን፤
- ንግልጋሎት ድሕረ ወሊድ ዘድልዩ በዝሕን ዓይነት እታወታት ምህላዎም ምርግጋፅን ሕፅረት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ምምላእን፤
- ብሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ዝወሃብ ግልጋሎት ድሕረ ወሊድ ንኣዴታትን ንሕንጦታትን ዝወሃብ ሓገዝ በቲ ዝተቐመጠ ስታንዳርድ መሰረት ምዃኑ ኣብ ማህደር ስድራ ብኣግባቡ ምምዝጋቡን ምክትታልን ምድጋፍን የድሊ።
- ኣብ ወሊድ እዋን ኣብ ኣዴታትን ከምኡ ውን ሕንጦታት ከጋጥሙ ዝኽእሉ ሓደገኛ ምልክታት ምምሃርን ከም ኣድላይነቱ ድጋፍ ንክህባ ድጋፍን ክትትልን ምግባር።

## ረ. ምጥንኻር ግልጋሎት ክታበት

- ግልጋሎት ክታበት ንምጥንኻር ግልጋሎቱ ኣብ ኬላ ጥዕና ብቐዋምነት፣ ኣብ ጣብያ ብወፍሪ መልክዕ ይዋሃብ እዩ፡፡ ኣብ ሃገርና ዝወሃቡ ናይ ግልጋሎት ክታበት ንህፃናትን ኣብ ክሊ ወሊድ ዘለዋ ኣዴታት እንትኾና ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ዝህቦኦ ግልጋሎት ክታበት ፅሬቱ ዝሓለወን ተበፃሕነቱ ንምርግጋፅ ካብ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ንድጋፍ ዝተዋፈሩ ባዓል ሞያታት ኣብዞም ዝስዕቡ ነገራት ድጋፍ ምግባር ኣለዎም/ን ፡-
- ኣብ ኣወሃህባ ግልጋሎት ክታበት ዘለዉ ናይ ኣፈፃፅማ ክፍተታት ብዝርዝር ብምድህሳስን ብምርኣይ ድጋፍ ምግባር፤
- ዝተረኽበ ክፍተት ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ናይ ክእለት ክፍተት እንተኾይኑ ግልጋሎት ክታበት ኣብ ዝወሃበሎም መዓልቲ ብምፍላይን ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ክታበት ብፕሮቶኮሉ መሰረት እናሃባ ምዃነን መዝገብ ምፍታሽ ፣ ብምክትታልን ብምሕታትን ኣብ ግልጋሎት ኣወሃህባ ዝረኣዩ ክፍተታት ሰሪሕኻ ምርኣይን ምብቃዕን፤
- ግልጋሎት ክታበት ከይተቋራረፀ ግልጋሎት ንክወሃብ ንጥዕና ኬላታት እታወታት ምምላእ የድሊ፣

- ኣደላልዋን ኣተናትናን፣ ክታበት ዘቋረፁ ህፃናት መከታተሊ ቻርት ብምጥቃም ዘይተኸተቡ ህፃናት ብምድላይ ክውድኡ ምግባር ፣ ኣተሓላልዋ ክታበት ዛሕሊ ሰንሰለት ፣ ፖሊሲ ስርዓት

ክታበት ኣወሃህባ (VVM Policy)፣ ብኽነት ክታበት ብምቕናስ፣ ዳህሳስ ድሕሪ ክታበት ምክያድን ብዝግባእ ኣወጋግዳን ርስሓት  ምስ ክታበት ተታሓሒዞም ክለዓሉ ዝክእሉ ፀገማት ንምፍታ ናብ ጥዕና ትካል ምልኣክ፣ ከምኡ ውን ንፍዮ፣ ዓፃዊ ምንጋጋ ሕንጦታት ሕማማትን ምክልካል ደገፍን ምግባር።

## ሰ. ምጥንኻር ክትትል ዕብየት ህፃናት

ጥሙር ጥዕና ሰራሕተኛታት ንሕድሕድ ህፃን ወርሓዊ ክትትል ዕብየት ህፃናት ከካይዳ ትፅቢት ይግበር፡፡ ንዝካየድ ክትትል ዕብየት ህፃናት መረዳእታ ብምጥንኻርን ብምትንታንን ዘተ ማሕበረሰብ ብምክያድ ኣብ ዙርያ ስርዓት ኣመጋግባ ክውሰዱ ዝግበኦም ስጉምቲ ብምፍላይ ምስ መራሕቲ ጉጅለ ልምዓት ብምኧን ዘተ ማሕበረሰብ ንምክያደ  ጊዜን ቦታን የጠዓዕማ፡፡ እዚ ውፅኢታዊ ንምግባር ድማ  ሰብ ሞያ  ማእኸል መባእታዊ ክንክን  ኣብ እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ደገፍን ክትትል ክገብሩ ይግባእ፡-

☛ክብደት ኣለኻኽዓ ህፃናት፣ ኣጠቓቅማን ኣመዘጋግባን ቻርት ከምኡውን ካልኦት ቴክኒካ□ ድጋፍ ምሃብ፣

☛በቲ ክብደት ኣለኻኽዓ ዝተረኽበ ውፅኢት መሰረት ትሑትን ብጣዕሚ ትሑትን ክብደት ዘለዎም ህፃናት ብምፍላይ ብኢደመጋብር ዝተዋደደ ሕክምና ህፃናት  መሰረት ኣድላይ ዝበሃል ምኽሪን ሕክምናን ክግበረሎም ደገፍን ክትትል ምክያድ፣

☛ኣብዙርያ ዝተረኽበ ክብደት ውፅኢት መሰረት ኣብ መንጎ  ኣዴታትን ማሕበረሰብ ዝካየድ ዘተ ብምምራሕ መልዐሊ ናይቲ ፀገም  ፈሊኻ ምውፃእን ኣብ ዙርያ ዝተጠቆሙ መፍትሒ ሓሳብ ከከም ኣድላይነቱ ስጉምቲ ንክውሰዱ ድጋፍን ክትትልን ክህቡ ይግባእ፡፡ ብተወሳኺውን እቲ ዘተ ፅቡቅ ክትትል ዕብየት ምስዘለዎም ህፃናት እናተወዳደረን እናተመሳኻኸረን ዝወሃብ ክትትልን ድጋፍን ምክያድ፤

☛ስነ-ማዓዛ ብዝምልከት ኣብ እዋን ምጥን ኣደላልዋን ከይዲ ኣመጋግባ ህፃናት ድጋፍ ምሃብን

## ሸ. ምጥንኻር ክንክንን ሕክምናን ንዘሓመሙ ሕንጦታትን ህፃናትን

ተበፃሕነት ግልጋሎት ንምርግጋፅን ሕማምን ሞትን ሕንጦታትን ህፃናትን ንምቅናስን ሕ/ሰብ መሰረት ዝገበረን ዝተዋደደን ሕክምናን ክንክንን ሕንጦታትን ህፃናትን ብሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና እናተወሃበ ይርከብ፡፡ በዙይ መሰረት ድማ ሕ/ሰብ ካብቲ ፕሮግራም ተጠቃምነቱ ንምርግጋፅ ሰብ ሞያ   ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ዝለዓለ ክትትል ድጋፍን  ክኸውን ይግባእ ፡፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ዙርያ፡-

☛ኣብ ዙርያ ሕ/ሰብ መሰረት ዝገበረ ዝተዋደደ ግልጋሎት ሕክምናን ክንክንን ሕንጦታትን ህፃናትን ግንዛበ ሕብረተሰብ ክዓቢ ምግባር፣
ነዚ ፕሮግራም ዝድለዩ ኣፋውስን ሕክምና ናውትን ካልኦት እታወታትን ከይተቆራረፀ ምቅራብ፣

☛ሰራሕተኛታ ጥዑር ጥዕና ሕ/ሰብ መሰረት ዝገበረን ዝተዋደደን ግልጋሎት ሕክምናን ክንክንን ሕንጦታትን ህፃናትን ብቻርት ቡክሌት መሰረት ብትክክል ምፍታሽ፣ ምስያማ፣ ምሕካም፣ ግልጋሎት ምኽሪ ምሃብን ኣድላይ እንተኾይኑ ድማ ናብ ዝላዓለ ጥዕና ትካል ምልኣኽን ኣብ ባሕሪ መዝገብ ምስፋራን ዘሎ ክፍተት ብምፍላይ ደገፍ ምሃብ ፤

☛ኣብ ኣዋሃባ ግልጋሎት ክፍተት እንተሃልዩ ሕክምና ጥዕና ህፃናት ብዝሰልጠነ ሞያተኛ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ናብ ኬላ ጥዕና ብምኻድ ብተግባር ድጋፍ ምሃብ፤

☛ኣብ ኣዋሃባ ግልጋሎት ኣብ ዙርያ ፅሬትን ተጠቃምነትን በቢእዋኑ ምግምጋምን ናይ ክሊኒካል ሜንተሪንግ ድጋፍ ምሃብን ፣

☛ኣብቲ ጣብያ ኣብ ዙርያ ICCM/CBNC ኣዋሃባ ግልጋሎት ዝራኣዩ ክፍተትን ሕፀረትን ብምፍላይ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምኻን ዝፍትሕሉ መተግበሪ ትልሚ ምድላውን ምድጋፍን ፤

## ቀ. ምጥንኻር ግልጋሎት ትልሚ ስደራ

ሰራሕተኛታት ጥዑር ጥዕና ዝተፈላለዩ ናይ ሓፂርን ነዊሕን ግልጋሎት ትልሚ ስድራ እናሃባ ይርከባ ። ነዚ ግልጋሎት ብፅሬት ንምሃብ ድማ ሰብሞያ ጥዕና ወሳኒ ተራ ኣለዎም ። ስለዝኾነውን እዞም ዝስዕቡ ደገፍ ክህቡ ይግባእ ።

☛ተገልገልቲ ኣብ ፍልጠትን ምርጫኦምን ዝተደረኸ ሜላ ትልሚ ስድራ ክረኽቡ ናይ ምኽክርን ዘተን ድጋፍ ምሃብ ፣

☛ኣዋሃባ ግልጋሎት ትልሚ ስደራ ብዝተቀመጠ ኢ.ደ-መጋብር ምኻኑ ብምርግጋፅ ክፍተት እንተሃልዩ ድጋፍ ምሃብ ፣

☛እቲ ኬላ ጥዕና ግልጋሎት ናይ ነዊሕ ምጣነ ስደራ ዝህብ እንተኾይኑ ንተገልገልቲ

ብኣካል ኣብ ቆፀረኤን ብምኻድ ቴክኒካዊ ድጋፍ ምሃብ፣
☛ኣብ ዙርያ ግልጋሎት ትልሚ ስድራ ክፍተት ኣፈፃፅማን ውስንነትን መልዐሊኡን ብብርኪ ሕብረተሰብ ክፍትሖ ዝግበኦም ክፍትሖ ድጋፍ ምሃብ ፤
☛እቲ ኬላ ጥዕና ግልጋሎት ናይ ነዊሕ ምጣነ ስደራ (ሉፕን ኢምፕላንትን ትልሚ ስድራ ኣማራፂ ሜላ)ዝህብ እንተኾይኑ ነቲ ግልጋሎት ዝኾኑ እታወታተ እንተተማሊኡ ምርግጋፅን ድጋፍ ምሃብን ግልጋሎት ዘይህብ እንተኾይኑ ድማ ናብ ዝለዓለ/ዝቅፅል ጥዕና ትካል ክላኣኹ ምድጋፍ፣
☛እቲ ኬላ ጥዕና ግልጋሎት ናይ ነዊሕ ምጣነ ስደራ ዝህብ እንተኾይኑ ፀብፃብ መመዝገቢ ተገልገልቲ በቢዓመቱ ኦዲቲንግ ክሰርሑ ምሕጋዝ፡፡ ሰብ ሞያ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ናብ ኬላ ጥዕና ኣብ ዝወርድሉ ግልጋሎት ናይ ነዊሕ ምጣነ ስደራ ተጠቀምቲ ኣዴታት ዝርዝር ሒዞምሎም ክኸዱ ይግባእ፡፡

### 4.1.2.3 ምጥንኻር ምክልኻልን ምቁፅፃርን ሕማማት

ኣብ ባእታት ጥሙር ጥዕና ዝጠቓለሉ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ሕማም ዓሶ፣ ሕማም ድዌት ስጋን ቲቢን ፣ሕማም ኤች ኣይ ቪ/ኤድስን ሕማም መውስቦን፣ ትኩረት ዘይተገበረሎም ሕማማት ቆላ /ትሮፒካል/፣ተመሓላለፍቲ ዘይኮኑ ሕዱራት ሕማማት ዋናዋና እንትኾኑ ካብዚኣቶም ብተወሰኺ ናይቲ ከባቢ ጭቡጥ ኩነታት ብምብጋስ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ሕማማት ስራሓቲ የካይዳ እየን፡፡ ስለዝኾነውን እዞም ዝተጠቀሱ ሕማማት ንምክልኻልን ምቁፅፃርን ሰብ ሞያ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ንሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ድጋፍን ክትትል ክገብሩሎም ዝግባእ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡፡
☛ምክልኻልን ምቁፅፃርን ሕማም ዓሶ ብፍላይ ነፀጋ ዲዲት፣ ቅልጡፍ መመርመሪ ዓሶ/RDT/ኪት ኣጠቓቕማ፣ ሕክምና፣ ኣደላልዋን ዓሶ መከታተሊ ቻርት ንውሳነ ኣብ ምጥቃምን፣ ጣንጡ መራብሒ ቦታ ምፍላይን ምውጋድን /Larval identification and larviciding/ድጋፍ ምሃብ፣

☛ካብ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ናብ ኬላ ጥዕና ዝተላኣኹ ሕሙማት ቲቢ ኣፋውሶም ብኣግባቡ ክወስዱን ምክትታል፣ ስድራ ሕሙማት ድማ ግቡእ ምርመራን ክትትልን ክገብሩ ምድጋፍ፣ ጥቡቕ ክትትል መድሓኒት (drug Adherence) ምኽሪ ምሃብ፣ ሕሙማት ቲቢ ኣፋውሶም እንተቋሪፆም ሰብ ሞያ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ንዝምልከቶም ኣካላትን ብምምኽኻር ብቅልጡፍ መድሓኒቶም ተመሊሶም ክጅምሩ ድጋፍ ምሃብ ፤

☛ኣብ ዙርያ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች ኣይ ቪ፣ ኣብ ግልጋሎት ምኽሪ፣ ምግላልን ምፅያፍን፣ ከምኡ እውን ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ሕማም ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ግንዛበ

ምፍጣር፣ ተጠቀምቲ መድሓኒት  ፀረ-ኤች ኣይ ቪ ዘቋረፁ ኣሊሽካ ክቅፅሉ ምግባር፣  ኣብ ዙርያ ሕማም መውስቦ መከላኸሊኡን ሕክምንኡን ግንዛበ ምፍጣር፣ ከምኡውን ኣብ ደሞም እቲ ቫይረስ ዘለዎም ክፋል ሕ/ሰብ ሓቢርካ ምስራሕን ሞያዊ ድጋፍ ምሃብ፣

☛ትኩረት ዘይተገበረሎም ሕማማት ቆላ /ትሮፒካል/ ዋላኳ ከከም ከባቢኡ ይፈላለዩ እንተኾኑ ምልክታቱ፣ ሕክምንኡ፣ ንሕ/ሰብ ዕደላ መድሓኒት፣ ናይቲ ሕማም ዘስዕቦ ተፅዕኖ፣ መከላከሊ መንገዱን ስልጠና ምሃብ፣

☛ኣብ ዙርያ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ተመሓላለፍቲ ዘይኮኑ ሕዱራት ሕማማት ዝምልከት ነቲ ሕማም ከቃልዑ ዝኽእሉ ከም (ምትካኽ ሽጋራ፣ ኣካላዊ ምንቅስቃስ ዘይምግባር፣ ዘይምዕሩይ ኣመጋግባ፣ መስተን ካልኦት መደንዘዝቲ ዕፃት ምጥቃም)፣ ምስጓም ጥዕናን ምክልኻል ሕማምን ግንዛበ ምፍጣርን ምክትታልን፣ ብተመሳሰሊ ንሕማም ሽኮር፣ ፀቅጢ ደም፣ ካንሰር፣ ሕማም መተንፈሲ ኣካላት  ወዘተ ዘለዎም ክፋል ሕ/ሰብ ብምልላይ ናብ ዝለዓለ ጥዕና ትካል ምልኣኽን ምክትታልን ድጋፍ ምሃብን፤

## 4.1.2.4 ምጥንኻር ስነ ፅሬት ከባቢያዊ ሓለዋ ጥዕናን

[illegible]-

☛ህዝቢ ብበዝሒ ዝእከበሎም ከባቢታት ከም (ዕዳጋ፣ናይ እምነት ትካላት፣ትምህርቲ ቤት) ናይ ሀይጂንን ከባቢያዊ ሓለዋ ጥዕናን ምስ ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ሰራሕተኛታት ብምኧን ግንዛበ ምሃብን ሓቢርካ ምስራሕን ምክትታልን ፣

☛ኣብ ዙርያ ውልቀ ፅሬት ዝምልከት ፅሬትን ኣታሓሕዛን ክዳን፣ፅሬት ሰብነትን ኣፍን፣ኣተሓላልዋ ፅሬት ምግብን ማይን፣ከምኡውን ኣወጋግዳ ደረቅን ፈሳሲ ርስሓትን ንጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ሰራሕተኛታት ኣረኣእያኦንን ፍልጠተንን ብምፍታሽ ኣብ ክፍተተን ሞያዊ ደገፍ ምሃብ ፤

☛ሰብ ሞያ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ብሕድሕድ ጣብያ ክካየድ ዝተሓሰበ ሕ/ሰብ ዝመርሖ ጠቅላላ ፅሬት ኣብ ዓመታዊ ትልሚ ብምክታት ናይ ምቅፅፃል ስራሓቲ ምምራሕን ሞያዊ ደገፍን ምሃብ፣ኣብቲ ጣብያ ዝርከቡ ገዛውትን ህዝቢ ዝስብሰበሎምን ዝተመሓየሸ ሽቃቅ ብምስራሕ ካብ ሓርኢ ነፃ ዝኾነ ጣብያ ንምፍጣር ደገፍ ምሃብ፣ እዚ ናይ ምቅፅፃል ስራሓቲ ብሃገራዊ ኢደመጋብር መሰረት ክኸውን ይግባእ ፡፡

# ክፍሊ ሓሙሽተ

## 5. ስራሕ ኣፈፃፅማ ገምጋም ምክያድ/Review Meeting/

### 5.1. ብብርኪ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ዝግበር ወርሓዊ ስራሕ ኣፈፃፅማ ገምጋም

[illegible] /HMIS/ [illegible]

[illegible]

- ኣፈፃፅማ ዓበይቲ መደባት (ኣዴታት፣ ሕንጢታትን ህፃናትን ሓለዋ ጥዕና፣ ስርዓተ ኣመጋግባ፣ ትልሚ ስድራ፣ ዓሶን ካልኦት ተመሓላለፍቲ ሕማማትን ምክልኻልን ምቁፅፃርን፣ ውልቀን ከባቢያውን ፅሬት፣ ቅብብል ሕሙማትን ወላዳትን፣ ቀረብ እታዎት ወዘተ.)
- ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ኣፈፃፅማ ፕሮግራማት ክፍተት ኣብ ዝተራኣየሎም ብቑፃላይ ንምጥንኻር ቀንዲ ምኽንያት ናይቲ ፀገም /root cause/ ብምትንታንን መተግበሪ ትልሚ ብምድላውን ንበዓል ዋና ፈፃሚ ኣካል ምሃብን ንተግባራውነቱ ምክትታልን፡፡ ብተወሰኺ ኣብ ዝለዓለ ኣፈፃፅማ ዘለወን ጣብያታት ተሞክሮ ልውውጥ ብምድላውን ተሞክሮ ልውውጥ ምክያድን ምክትታልን ኣድላይ እዩ፡፡
- ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ሰራሕተኛታት ብማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ሰብ ሞያተኛታት ዝግበር ደገፍ ውፅኢቱ ምግምጋም ፣
- ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ናይ ስግግር ፍልጠትን ክእለትን ክፍተት እናፈለየ ዝተፈላለዩ ሓፀርቲ ስልጠናታት ብዝሰልጠኑ ሰብ ሞያ እናዓደመ ስልጠናታት ክህብ ይክእል እዩ ፡፡

## መበገሲ ዓሸራ ወርሓዊ ገምጋም ኣጀንዳታት

## 6.ኣፈፃፅማ ስራሕ መሰረት ዝገበረ ሽልማትን ኣፍልጦን ምሃብ

ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ኣብ ትሕቲኤን ንዝርከባ ኬላታት ጥዕና/ጣብያታት/ በቢ.ወርሑ ኣብ ዝግበር ገምጋም ኣፈፃፅማ ስራሕ ዝለዓለ ኣፈፃፅማ ዘለዎን ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ብምፍላይን ብምምዝጋብን ቐፃልነት ዘለዎ ኣፈፃፅማ ምኺኑ ከረጋግፃ ይግባእ፡፡ ዋላኳ ብማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ኣማራርሓ ዝውሰን ይኹን በቢ.ርብዒ ዓመቱ ዝተፈላለየ መበረታትዒ ከምኡ ውን በቢ.ሽዱሽተ ወርሑ ዝለዓለ ኣፈፃፅማ ዘመዝገባ ጥ/ጥ/ሰራሕተኛታት እቲ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ኣማራርሓን ምስ ኣባላቱን ብምዝርራብ ኣፍልጦን መበረታትዒን ምሃብ የድሊ፡፡ በቢ. ሽዱሽተ ወርሑ ጥ/ጥ/ሰራሕተኛታትን ሰብ ሞያ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕናን ናይ ስራሕ ኣፈፃፅማ ገምጋም/ስርዓተ ውፅኢት ተኮር/ምክያድን ፅቡቅ ኣፈፃፅማ ንዘመዝገባ ድማ ምብርትታዕን ንዝበለፀ ኣፈፃፅማ ክተግሃ ምግባርን ፡፡ እዙይ ድማ ብሉፃት እንትበረታትዓ ትሑት ኣፈፃፅማ

ዘለወን ድጋፍ ንክወሃብ ይሕግዝ ፡፡

## 6.1.ውፅኣታዊ ደገፍን ክትትልን ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ጠቆምቲ መለክዒ

- ብስርዓት ዝተወደቡን ናብ ተግባር ዝኣተዉ ጉጅለ ልምዓት ን 1ን5 ልምዓታዊ መርበብ ምትሕግጋዝ ፣
- ኣብቲ ጣብያ ዝነብሩ ኩሎም መራሕቲ ስድራ ባእታታት ጥሙር ጥዕና ዘተግበሩ ሞዴል ዝኮኑን፣

መጠን ትሕቲ ንቡር ክብደት ህፃናት ዜሮ ዝገበረ፣

- ኣብ ገዛ ወሊድ ዜሮ ዝገበረ፣
- ካብ ፍታን ነፃ ዝኸነ ከባቢ ምፍጣር (Open Defication Free)፣
- ሕ/ሰብ መሰረት ዝገበረ ስርዓት ሓበሬታ ጥዕና (CHIS) ዘተኣታተወ
- ሕ/ሰብ መሰረት ዝገበረ መድሕን ጥዕና (Community Based Health Insurance)100%፣
- ኩሎም ኣብቲ ጣብያ ዘለዉ ኣብያተ ትምህርቲ ብጥዕና ሞዴል እንትኾኑ፣ በቲ መመዘኒ ማለት እዩ፡፡

# 7. ልጋብ

## 7.1. ደገፍን ክትትልን ቼክሊስት

**እዚ መሕትት/ቼክሊስት/ ንምርኣይ መበገሲ ብምካኑ ከከም ኣድላይነቱ እናኸለስካ ምጥቃም የድሊ፡፡**

**ልብ ይበሉ፡-**

## 7.2. ኣብ እዋን ደገፍን ክትትል ሰብ ሞያ እዞም ዝስዕቡ መምርሕታት ኢደ -መጋብር ክጥቀሙ ይምከር

31

| ባህሪያት ፅቡቕ /ፈታሒ ፀገም/ ኣወሃህባ ድጋፍ | ባህሪያት ቑፅፅር |
|---|---|
| ♣ንሰብ ሞያ ክእለት ዓቕሚ ናይ ምፍፃም ክመሓየሽን ፅቡቕ ናይ ስራሕ ርክብ ኣብ ምፍጣር የትኩር<br>♣ከይዲ ድጋፍ ኣወሃህባ መምሃራይነት፣ መሰልጣይነት (coach) ከምኡ እውን ሜንተርሺፕን ዝተኸተለ እዩ።<br>♣በቢቦትኡ ዝህልው መረዳእታታት ንኣፈፃፅማ፣ ገምጋምን ማሕንቀታት ንምፍታሕ ይጥቀም<br>♣ስራሕቲ ብዘይተቆራረፀ መልክዑ /regularly/ ክትትልን ድጋፍን ይገብር<br>♣ሃናፂ ድጋፍ ጥራሕ ይህብ፤ | ♣ስሕተታት ኣፈፃፅማ ሰብ ሞያ ኣብ ምድላይ የተኩር<br>♣እቲ ድጋፍ ወሃቢ ባዕሉ ከም ፖሊስ ይርእይ<br>♣ብዝተቆራረፀን ሓልሓሊፉን ፀገማት ንምፍታሕ ይሙኩር<br>♣ትሑት ወይ እውን ዝተቖራርፀ ክትትል ይግበር<br>♣ንዘጥፈኡ ምቕፃዕ የተኩር |

**ድጋፍ ዝህቡ ሰብ ሞያ ክህልዎም ዘለዎም ሰናይ ክብሪ ባህርያትን**

- ♣ ኣድማፃይ
- ♣ መኸበራይ፣
- ♣ ፈታሒ ፀገም/መፍትሒ ዘተኮረ
- ♣ ናይ ባዕልኻ ክፍተት ምርዳእ
- ♣ ኣብ ምምህሃር ምእማን
- ♣ ብጉጅለ ሓቢርካ ምስራሕ
- ♣ ምዕባይ ዋንነት ሕብረተሰብ

**ዝተመሓየሸ ኣፈፃፅማ ስራሕ**

**ንኣብነት፡- ኣብ ሓደ ኬላ ጥዕና ን80 ደቂ ኣንስትዮ ምጣነ ስድራ ንክረኽባ ዝተተለመ ኮይኑ ኣገልግሎት ዝረኸባ ግን 15 ጥራሕ ተኾይነን ድጋፍ ክህብ ዝመፀ ናይ መባእታዊ ክንክን ጥዕና ሞያተኛ ምስ ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ብሓባር ብምኻን ትሑት ኣፈፃፅማ ዘጋጠመሉ ምኽንያት ዝኾኑ ዋኒናት ኣብ ታሕቲ ተተንቲኖም ዘለው ስእላዊ መግለፂ ናይ መፍትሒ ሜላታት ብምንዳፍ ንተፈፃምነቶም ብሓባር ብምስራሕ ፈታሒ ፀገም ዝኾነ ድጋፍ ምሃብ የኽእል፡፡**

መፍትሒ ክኾኑ ዝኽእሉ

ደቂ ተባዕትዮ ዘሳተፈ ትምህርቲ ምጣነ ስድራ ምሃብ 

- ☛ድሕረ-ወሊድ ትምህርቲ ምሃብ
- ☛ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጉጅለ ልማዓት ምጥቃም
- ☛ሞዴል ደቂ ተባዕትዮ ብምጥቃም ትምህርቲ ምጣነ ስዳራ ምሃብ

ወዘተ...

…

ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውሳነ ኣብ ምሃብ ምድኻም
ንምንታይ?

ንምንታይ?

ንምንታይ?

ንምንታይ?

ናይ ሰብኡተን ፅዕንቶ

ቆልዓ ሃፍቲ እዩ ኢልካ ምሕሳብ

ሕፅረት ግንዛበ
ዝወሃብ ትምህርቲ ምጣነ ስድራ ደቂ ተባዕትዮ ዘየጠቃለለ ምኻን
…

…

....

ናይ ክእለት ክፍተት
ፀገም ኣቕርቦት

ሃይማኖታዊ ፅዕንቶ

## ስእሊ 1□- ትሑት ኣፈፃፅማ ምጣነ ስድራ

# ሰደቓ 2. መዝገብ ንጥዕና ኬላ ዝወሃብ ደገፍን ክትትልን ተግባራት

ዕለት፡------------------------------------------
ጣብያ :-------------------------------------
ድጋፍ ዝተውሃበ ኬላ ጥዕና ......

1. **ዝተፈለዩ ክፍተታት፣ ትልሚ ድጋፍን ክትትልን**

OBJ

3. **ዝተፈለዩ ብሉፅ ተሞክሮ ፡-** ____________________________________________________

____________________________________________________________________________

ሽም ደጋፊ በዓል ሞያ 1-------------2------------3-------------
ሞያ-1------ 2------------3-------------
ፊርማ፡1______________2___________3___________
ሰራሕተኛ ጥሙር ጥዕና 1፣ ------------- 2፣-----------------------------
ፊርማ፡1________2____________

| ተ.ቁ | ኣብ ጣብያ ዝተውሃቡ ድጋፍን ክትትልን ተግባራት | ዝተፈለዩ ክፍተታት | መፍትሒ ሓሳባት | ብመን ይፍፀም | መዓዝ ይፍፀም |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | | | | | |
| 2 | | | | | |
| 3 | | | | | |
| 4 | | | | | |

# ሰደቓ.3. ኣብ ኬላ ጥዕና ዝተውሃበ ድጋፍ መፀብፀቢ ቕጥዒ ሞያተኛታት

ዕለት፡------------------------------------------
ድጋፍ ዝረኸበ ጣብያ :-------------------------------------

1. ዝተፈለዩ ክፍተታት፣ ትልሚ ድጋፍን ክትትልን

2. ዝተፈለዩ ብሉፅ ተሞክሮ ፡- ________________________________________________________________________________

________________________

ሽም ደጋፊ በዓል ሞያ 1------------2-----------3------------

ሞያ-1------ 2-----------3------------

ፊርማ፡1__________2____________3____________

ሰራሕተኛ ጥሙር ጥዕና 1------------- 2፣---------------------------

ፊርማ፡1____________2____________3____________

| ተቁ | ኣብ ጣብያ ዝተውሃቡ ድጋፍን ክትትልን ተግባራት | ዝተፈለዩ ክፍተታት | መፍትሒ ሓሳባት | ብመን ይፍፀም | መዓዝ ይፍፀም | ሪኢቶ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | | | | | | |
| 2 | | | | | | |
| 3 | | | | | | |
| 4 | | | | | | |

**ንኣብነት ፡-** ሰራሕተኛ ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ኣብ ዓመት ኣብ ጣብያኣ ዝርከባ ጥኑሳት ኣዴታት ሚኢቲ ካብ ሚኢቲ ናይ ቅድመ ወሊድ ኣገልግሎት ምሃብ ዝብል ትልሚ ሒዛ እንተኮይና እቶም ዝስርሑ ዝርዝር ስራሕቲ በቢሰሙን በቢወርሕን ከምዚ ዝስዕብ ብምሽንሻን ምትግባር ኣለዋ፡-

ኣብ ጣብያኣ ንዝርከባ ጥኑሳት ኣዴታትን ልምዓት ጉጅለ ደቂ እንስትዮን ሓደ ንሓሙሽተ ልምዓታዊ መርበብ ምትሕግጋዝ ብምጥቃም በቢሰሙኑ ኣብ ዝህሉ ሓደ ንሓሙሽተ መርበብ በቢ15 መዓልቲ ኣብ ዝግበር ናይ ኣባላት ጉጅለ ልምዓት ደቂ ኣንስትዮ ምይይጥ ግዜ ፈሊየን ንክፈልጣ ግንዛበ ምፍጣር::

ምስላጥ ምይይጥ ቤተሰብ□ ተፅዕኖ ካብ ዝፈጥሩ ናይ ቤተሰብ ኣባላት (ሰብኣይ□ ሓማት□ ጎረቤት፣ ናይ ሃይማኖት መራሕቲ ወዘተ)ብምዃን ኣብቲ ናይ ጥንስቲ ገዛ ንክርከቡ ብምግባር ሰለ ኣገልግሎትን መንነትን□ ናቶም ድጋፍ ብዝምልከት ምምይያጥን ኣብ ስምምዕነትን ምብፃሕ፣

ኣብ ጣብያ ዝርከቡ ናይ ልምዲ መዋለድቲ ኩለን ጥኑሳት ኣዴታት ናይ ቅድመ ወሊድ ምክርን ምርመራን ንኽረኽቡ ናብ ጥዕና ትካል ንክልእኩ ግንዛበ ምፍጣር በቢወርሑ ጥኑሳት ኣዴታት ኮንፈረስ ብምድላውን ካልኦት ሓገዝቲ ዝኮኑ ተግባራት ብምትላምን ምትግባር፡፡

ንቕደመ ወሊድ ክትትል መሰረታዊ ዝኾን እታወት ዘይተቆራረፁ ንክማልኡ ክትትል ምግባር፤

ኣብ ላዕሊ ዝተቀመጡ ኣብነት ካልኦት ፓኬጃትን ብተመሳሰሊ መልክዕ ተተሊሞም ንክትግበሩ ዘርኢ እዩ፡፡ ሰብ ሞያ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ንሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና በዚ መልክዕ ንክትግብራ ብምትላም ድጋፍ ምግባር ፡፡

**መብርሂ፡-** ኣተሓሕዛን ኣጠቃቅማን መረዳእታ ብዝምልከት ብቐዋሚ ድጋፍ ካብ ዝህቡ ሰብ ሞያ ዓቕሚ ንላዕሊ ዝኮኑ ነገራት ናይ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ስርዓት ሓበሬታ በዓል ሞያ /HIT/ ድጋፍ ንክህብ/ንክትህብ/ ምምዕርራይ የድሊ:: ብተመሳሰሊ ኣብ ውሽጢ ጥዕና ኬላ ኣተሓሕዛ መረዳእታ ክታበት ፣ ኣደላልዋን መከታተሊ ቻርት ክታበትን ኣጠቓቕማን ክፍተት እንተጋጥም ኣብ ክታበት ዝሰልጠነ ናይ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ሰብ ሞያ ንክኸይድን ድጋፍ ንክህብን ምግባር የድሊ ::

## ሞዴል ዝኾና ጣብያታት ኣብ ምፍጣር ድጋፍ ምግባር

### ሀ) ምድላው ምዕራፍ

ሞዴል ዝኾና ጣብያታት ንምፍጣር ቁልፊ ተግባር ጉጅለ ልምዓት ደቂ ኣንስትዮ ኣወዳድባን ኣፈፃፅማ ስራሕቲ ምጥንኻር እዩ□□ ኣብዚ ከይዲ እዞም ፅቡቓት ተሞክሮታት ምጥማርን ንምስፋሕን ድልዊ ምግባር ትሑት ኣፈፃፅማ ዘለወን ምፍላይን ምጥንካርን ይግባእ□□ እዚይ እንትባሃል ዘይተወደባ ደቂ ኣንስትዮ እንተሃልየን ንክውደባ ምግባር፣ ተወዲባን ናብ ስራሕ ዘይኣተዋ እንተሃልየን ናብ ስራሕ ንክኣትዋ ምምችቻው□□
ንኣብነት ኣመራርሓ ጉጅለ ልምዓት ደቂ ኣንስትዮን (ሓደ ንሓሙሽተ ጉጅለ መራሕቲ ) ኣፈፃፅማን ተበግሶን ምግምጋምን ናይ መስተኻሊ ውሳነታት ብምውሳድ ከምኡ ውን ናይ ኣወዳድባን ናይ ክትትል ስርዓት ብምፍታሽ ምስትኽኻል ዘማልአ እዩ□□
ስለ ዝኾነ ናይ ሞያተኛታት ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ናይ ቅድመ ምድላው ተግባራት ድጋፍ ክገብሩ ይግባእ፡፡
☛ናይ ጣብያ ኣማራርሓን ጣብያ ቤት ምኽሪ ኣባላትን ኣማራርሓ ጉጅለ ልምዓት ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ምፍጣር ሞዴል ጣብያታት ምይይጥ ብምክያድ ሞዴል ጣብያ ንምፍጣር ምስምዕማዕን ናብ ሞዴል ጣብያ ንምብፃሕ ሜላታት ንከውፅእ ድጋፍ ምግባር ፡፡

☛ድሕሪ  ምድላው  መርሃ ግብሪ ጥሙር ጥሙር ጥዕና ሰራሕተ፤ታት ምስ ጉጅለ ልምዓት ጉደቂ ኣንስትዮን ሓደ ንሓሙሽተ  ኣመራርሓ ልምዓታዊ መርበብ ብምኳን ኣጠቓላሊ ናይ ጥዕና መረዳእታ ብምእካብ ዘሎ ሓቂ ኣብ  ማህደር ስድራ ከሕድሱ  ምድጋፍ

☛ካብቲ ዝተኣከበ መረዳእታ  መሰረት ብምግባር ሞዴል ንምግባር ዘኽእል ግልፅን ዝርዝርን ትልሚ ምድላው፣

☛ትልሚ ብጣብያ ኮማንደ ፖስት ብምፅዳቅ ኣብ ስምምዕ ምስ ተበፅሐ ብጣብያ ብርኪ ኮንፈረንስ ጥዕና ንክዳለውን  ጣብያ ብናይ ጥዕና ስራሕቲ ኣብ ምንታይ ኩነታት ከም ዘሎ ንምፍላጥን ንምትእምማን ምድጋፍ ፣ ኣፈፃፅማ መሰረት ዝገበረ ዝተወሃበ ባንዴራ (ትሑት ኣፈፃፅማ ንዘለወን ቀይሕ ፣ ማእኸላይ ኣፈፃፅማ ንዘለወን  ቢጫ ዝለዓለ ኣፈፃፅማ ንዘለወን ድማ ቆፃል) ሕብረተሰብ ክፈልዮም ኣብ ዝክእል ቦታ ብምስቃል ናብ ተግባር ምእታውን ምንቅስቓስን ይግባእ፡፡

## ለ) ተግባር ምዕራፍ

## ሞዴል ጣብያ

ሞዴል ጣብያ እንትባሃል ኣብ ጣብያ ዝነብር ሕብረተሰብ ብስራሕቲ ጥሙር ጥዕና ሞዴል ምግባር እንትኽውን ናይ ሞዴል ስድራ ስልጠና ትኹረት ተዋሂብዎ ክስራሕ ይግባእ።፡፡

ብምኳኑ ናይ ሰብ ሞያ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ተግባራት ብኣግባቡ ምፍፃሞም ምክትታልን ምድጋፍን ትፅቢት ይግበር፡-

☛ ናይ ስድራ ማህደር(Family Folder) ኣብ ዝተሰብሰበ መረዳእታ መሰረት ብምግባር ሕድሕዱኡ መራሕቲ ስድራ ሞዴል ኣብ ምኳን  ብስራሕቲ ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ገና ዘይተተግበረን ብምፍላይ ምስ ጥሙር ጥዕና ሰራሕተ□ታትን ስትሪንግ ኮሚቴን ብሓባር ብምኳን ንጉጅለ ልምዓት  ደቂ ኣንስትዮን ሓደ ንሓሙሽተ ኣማራርሓን ንምስልጣንን ንምድጋፍን  መምርሒ ጥዕና ቤተሰብ ማንዋል ብምጥቃም ምስልጣን የድሊ□□

ኣብ መጣቓለሊ ስልጠና ግዜ ኣብ ጉጅለ ልምዓት  ደቂ ኣንስትዮን ሓደ ንሓሙሽተ ልምዓታዊ መርበብ ምትሕግጋዝ ዘለው ኩሎም ቤተሰብ  ሞዴል ንክኾኑ ንምግባር ብጉጅለ ልምዓት ዝተረኸበ መረዳእታ መሰረት ብምግባር ትልሚ ንክዳለው ምድጋፍ□□

ኣመራርሓ ጉጅለ ልምዓት  ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ጉጅለ ልምዓት ምይይጥ ብምግባር ንኩለን ኣባላት ጉጅለ ልምዓት  ደቂ ኣንስትዮ ሞዴል ንክኮና ናይ ቤተሰብ ምትእስሳር ትልሚ የዳልዋ□□

ሕድሕድ ስድራ ብትልሚ መሰረት እናሰራሓ ምዃነን ጉጅለ ልምዓት  ደቂ ኣንስትዮን ሓደ ንሓሚሽተ ኣመራርሓን ድጋፍን ክትትል ይገብራ□□

ብተወሳኺ በቢግዚኡ ኣብ ዝካየድ ናይ ጉጅለ ልምዓት  ደቂ ኣንስትዮ ትልሚ ኣፈፃፅማ ብምግምጋም ናይ መስተካከሊ ውሳነታት ምውሳድ የድሊ□□ ብተመሳሰሊ ስትሪንግ ኮሚቴ ንጣብያ ጉጅለ ልምዓት  ደቂ ኣንስትዮን ሓደ ንሓሙሽተ መራሕቲ ከከም ከባቢኤን ለውጢ ከምፅኣ ብዘኽእል ተኸታታሊ ድጋፍን ክትትልን ይገብር□□

ኣብ መንጎ ጉጅለ ልምዓት  ደቂ ኣንስትዮ ፅቡቅ ውድድር ንክፍጠር ሞዴል ዝኮኑ መራሕቲ ስድራ ብምፍጣር ሰራሕቲ ንምቅልጣፍ ኣብ መንጎ ጉጅለ ልምዓት  ደቂ ኣንስትዮን ተመክሮ ልውውጥ ብምግባር ፅቡቅ ኣፈፃፅማ ዘለወን  ኣመራርሓ ጉጅለ ልምዓት  ደቂ ኣንስትዮ ተመክሮአን ንከሕልፋ ምስላጥ□□

ብጣብያ ደረጃ ከም ሕብረተሰብ ምስራሕ ዘለዎም ስራሕቲ ንኣብነት ማሕበራዊ ትካላትን ካልኦት ኣድለይቲ ቦታታት ብጣብያ ደረጃ ናይ ሓባር ሽቃቅምስራሕ□ ናይ ሕብረተሰብ መድሕን ጥዕና □ ኣብየተ ትምህርቲ ብጥዕና ሞዴል ምግባር □ ካብ ሓርኢ ነፃ ዝገበረት ጣብያ ንምፍጣር ከሙኡ ዉን ካልኦት ኣድለይቲ ትልምታት ብምድላው ስትሪንግ ኮሚቴ እናተመርሐ ኣፈፃፅሙኡ እናተረኣየ ስራሕቲ ምስራሕ የድሊ□□

*ልቢ ይበሉ፡- ብሕድሕድ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ቐዋሚ ተመዲቦም ዘድግፉ ሰብ ሞያ ጥዕና ናይ ድጋፎም ዝርዝር ተግባራት ንማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ዳይሪክተር ምቅራብን ብካሊእ ጊዜ ክምለሱ ከለዉ ኣፈፃፅምኦም ምምሕያሹ ከረጋግፅዎ ይግባእ ፡፡*

| ጊዜ | ተግባራት | መቅረቢ | መሳለጢ |
|---|---|---|---|
| 3:00-3:30 | መኽፈትን ናይ እንካዕ ዳሓን መፃኩምን መልእኽትን | ዳይሬክተር ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና | መተሓባበሪ ምትእስሳር/ሱፐርቫይዘር/ |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 3:30-3:50 | ናይ ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ፀብፃባት | መራሒ ጉጅለ | ዳይሬክተር ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና |
| 3:50-4:30 | ዘተ | መራሒ ጉጅለ | |
| 4:30-4:50 | ሻሂ ዕርፍቲ | | |
| 4:50-6:30 | ናይ ኬላ ጥዕና ኣፈፃፅማ ፀብፃብ | ጥ/ጥ/ሰራሕተኛ | |
| | ውፅኢት ድጋፋዊ ዑደት ይቀርብ | መተሓባበሪ ምትእስሳር | |
| 6:30-7:30 | ምሳሕ | | |
| 7፡30-8፡00 | ንማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና ክፍልታ እናተዛወሩ ምርኣይ (ከምኣደላይነቱ) | ተፀወዋዕቲ ሕድሕድ ክፍሊ | ዳይሬክተር ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና |
| 8:00-9:00 | ዘተ | መተሓባበሪ ምትእስሳር | |
| 9፡00-10:00 | ኣብ ዝተመረፁ ናይ ፍልጠትን ክእለትን ኣርእስቲ/ፕሮግራማት/ስልጠና | ሰብ ሞያ | |
| 10:00-10:20 | ሻሂ ዕርፍቲ | | |
| 10፡20-10፡50 | ንዝቅፅል ወርሒ ጊዜ ሰሌዳ ምውፃእ | ተሳተፍቲ | |
| 10:50-11:00 | መጠቃላሊ ገምጋም | ዳይሬክተር ማእኸል መባእታዊ ክንክን ጥዕና | |